
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቑ.30 | ቀዳም 5 ጥቅምቲ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ምድረ-በዳ ኣታካማ


ገጽ 4
ሻቕሎት ንምፍኳስ


ገጽ 6
መሕለፊ ግዜ


ገጽ 11
ኤርትራ፡ ኣብ ሻምፕዮን...



## ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪሩ






5 ጥቅምቲ - ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን፡ "ምሕያል መምህራን፡ ተጻዋርነት ብምድንፋዕ ነባሪ ምዕባለ የረጋግጽ!" ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ 4 ጥቅምቲ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።

ኣቦ'ቲ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ፡ ወከልቲ ሃገራውያን ማሕበራትን መምህራንን ዝተረኽቡሉ መድብ፡ ዓይነታዊ ለውጢ ኣብ ትምህርቲ ንምምጻእ ቀንዲ ተዋሳኣይን ወሳንን መምህር ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቦመንበር ማሕበር መምህራን ኤርትራ መምህር ስምኦን መሓሪ፡ ሞያዊ ዓቕምን ተጻዋርነትን መምህራን ንምምዕባል ክትየድ ዝጸንሐ ጻዕሪ ክሒዩል ጸዊዑ።

መምህር ማለት ቀጻሊ ዝመሃርን ዝመራመርን ማለት ስለዝኾነ፡ መምህራን ኣብ ርእሲ'ቲ ዘለዎም ፍልጠትን ክእለትን፡ ብናይ ገዛእ ርእሶም ተበግሶ፡ ኣብ ትምህርቲ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻእ ከይተሓለሉ ክጽዕቱ ዘየቋርጽ መምህር ስምኦን፡ ማሕበር መምህራን ኤርትራ ግቡእ ተራኡ ከም ዝጻወት ኣረጋጊጹ።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ስነጥበባዊ መሰናድኦ ክቐርብ ከሎ፡ ኣብ ምሕያል መምህራን ዘተኮረ ሰሚናር ብክኢላታት ተኻዪዱ።

ኣስታት 29 ሽሕ ኣባላት ዘለውዎ ማሕበር መምህራን ኤርትራ፡ ኣብ 1996 ኣባል ማሕበር መምህራን ዓለምን ዞባ ኣፍሪቃን ክዀነ ዝኸኣለ ሰነዳት የጽር።

5 ጥቅምቲ - ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን፡ ብደረጃ ሃገር ንመበል 28፣ ብደረጃ ዓለም ድማ ንመበል 31 ግዜ ትዝከር ኣላ።

## ጊንዳዕ - ብድሆታት ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምቅላል ይሰራሕ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘጋጥም ብድሆታት ንምቅላል ይሰራሕ ከም ዘሎ፡ ቤት-ጽሕፈት ኣብያተ-ትምህርቲ ገሊጹ።

ኣቦ'ቲ ምስ ምጅማር ትምህርቲ ዝተኻየደ ገምጋማዊ ኣኼባ፡ ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ጉብረያሱስ መለስ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ኣስታት 45 ማእታዊት ደቂኣንስትዮ ካብ ዝርከብኦም 18,438 ተመሃሮ፡ መጠን ምሕላፍ 86 ማእታዊት፣ መጠን ምትራፍ ድማ 11 ማእታዊት ከም ዝነበረ ሓቢሩ።

ሸለልትነት ወለዲ፡ ብኩራትን ዋሕዲን መምህራን፡ ከምኡ'ውን ትሑት ተገዳስነት ተመሃሮ ካብ ቀንዲ ብድሆታት ምንባሮም ብምጥቃስ፡ ብመደብ ዓረፍት ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዓንሞባሳን ሑጻ.ትን ተወዳደርቲ ተመሃሮ ክፈርዩ ከም ዝበቕዑ ኣረዲኡ።

ብቐዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽን ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ንምሕያልን ብኣባላት ባይቶን ቤት-ምኽርን ዝተኻየደ ኣስፋሕቲ ወጽኢታዊ ከም ዝነበረ ዝሓበረ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊት ምምሕዳርን ፋይናንስን ወ/ሮ ኣምና ሳልሕ፡ ወጻኢታትን ተሳትፎን ተመሃሮ ንምብራኽ፡ ወህደት ኣመሓደርቲ ከቡብን ኣካላት መንግስትን ክድልደል ጸዊዓ።

ዝተየደ ገምጋማት፡ ብልጫታት ኣብ ምልላይን ብድሆታት ኣብ ምፍታሕን ዘለዎ ግደ ዓቢ ምዃኑ ዝገለጸ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዐመር ያሕዩ፡ ምቁራጽ ተመሃሮ ንምግታእ፡ ኣብ ምሕያል ስሉሳዊ ዝምድና ወለዲ፡ ተመሃሮን መምህራንን ብዕቱብ ክስራሕ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ዋሕዲ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ከተማ ቀልጢፍ ፍታሕ ክናደየሉን ዕድል ምሸታዊ ትምህርቲ ክሰፍሕን ተላበዮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ስሩዕ ኣገልግሎት ዝህብ 36 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዉ።

## ጾሮናን ማይ-ዓይኒን - ኣብ ምሕያል ደቀንስትዮ ዘተኰረ ኣኼባታት ይካየድ

ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ደቡብ ንዝበርቲ ሓወሲ ከተማታት ጾሮናን ማይ-ዓይኒን ኣብ ምምዕባል ዓቕሚታት ደቂኣንስትዮ ዘተኰረ ኣኼባታት ኣካዪዱ።

ሓላፊት'ቲ ጨንፈር ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ ብ24ን 25ን መስከረም ኣብ ዝተየደ ኣኼባታት፡ ሃማደኤ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኮሰ ኩለንትናዊ ዕብየት ደቂኣንስትዮ ንምርግጋጽ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከም ዘሎ ብምጥቃስ፡ ደቂኣንስትዮ ጥርናፊኦንን ውዳበኦንን ብምድልዳል ንዕብየተን ክሰርሓ ኣዘኻኺራ።

ሓላፊት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ቅዱሳን መብራህቱ'ውን ብወገና፡ ደቂኣንስትዮ ነቲ ቡብጾቶም ዝወሃበ ስልጠናታትን ሓገዛትን ብግቡእ ተጠቒመን መነባብሮኣን ንምምሕያሽ ክጽዕራ ትጽቢት ከም ዘሎ ኣረዲኣ።

ወከልት ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጾሮና ኣቶ ሃይለ መንገሻን ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ ን/ዞባ ማይ-ዓይኒ ኣቶ ሚካኤል መሓሪን ቡበወገኖም፡ ሃማደኤ ዓቕሚታት ደቂኣንስትዮ ንምዕባይ ዝገብሮ ጻዕሪ ንኽዕወት፡ ኩለን ደቂኣንስትዮ ብንጥፈት ክዋሰኣ ጸዊዖም።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃማደኤ ኣብ ልምዓት ጀርዲን ንዝተዋፈራ ደቂኣንስትዮ ናይ ናውቲ ማእቶት ደገፍ ከም ዝተገብረ ተሓቢሩ።

## ኮሎኔል መሓመድ-ሰዒድ ዓሊ ተሰዊኡ



ኣዛዚ ኣብያተ-ማእሰርትን ተሃድሶን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ጉዳም ተጋዳላይ ኮሎኔል መሓመድ-ሰዒድ ዓሊ ኢብራሂም፡ ብ3 ጥቅምቲ ኣብ መበል 74 ዓመት ዕድመኡ፡ ብሃንደበታዊ ሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1975 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ኮሎኔል መሓመድ-ሰዒድ፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ክፍሊ ታዕሊምን ሓለዋ ሰውራን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት፣ ድሕሪ ናጽነት - ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ድማ ከም ኣዛዚ ኣብያተ-ማእሰርትን ተሃድሶን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ ኮሎኔል መሓመድ-ሰዒድ ዓሊ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 5 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 4 ጥቅምቲ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ባጽዕ ተፈጺሙ።

ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ኣባሉ ኮሎኔል መሓመድ-ሰዒድ ዓሊ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# መልእኽቲ 5 ጥቅምቲ 2024 ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን

ዓመት መጸኡ 5 ጥቅምቲ ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን፡ ንሞያን ክብርን መምህራንን ምምህርናን ዘጽንዕ ከምኡ'ውን ብቐጥታ ይኹን ብዘይቀጥታ ንኹሎም ዝምልከቶም ኣካላት ሓላፍነት ዘስክሙ ብዝተፈላለዩ ቴማታት ብኩብ ዝበለ ድምቀት ተዘኪራ ትውዕል። ለሚ ዓመት እውን "ምሕያል መምህራን፡ ተጻዋርነት ብምድንፋዕ ኣሰር ምዕባለ የረጋግጽ!" ብዝብል ቴማ ብደረጃ ዓለም ንመበል 31 ግዜ ኣብ ሃገርና ድማ ንመበል 28 ግዜ ኢያ ትብዓል ዘላ። እዛ ዕለት እዚኣ ስለምዝኾነ ጥራይ ዘይኮነ ኩነታትና ንምግምጋም፡ ንመጻኢ ብንጥፈት ንምስጓም ቃልና እነሐድሰላ ዕለት ኢያ።

ኣብ 1958 ዝተመስረተ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣስታት 29 ሽሕ ኣባላት ዘለውዎ ማሕበር መምህራን ኤርትራ፡ ካብ 1996 ጀሚሩ ኣባል ማሕበር መምህራን ዓለምን ዞባ ኣፍሪቃን እዩ። እዚ ዓለማዊ ማሕበር እዚ፡ ብሉጽ ዓይነት ትምህርቲ ኣብ መላእ ዓለም ክዝርጋሕ ጎስጓሳትን ኣበርክቶን ዝገብር ዓለማዊ ማሕበር እዩ። መትከላዊ እምነትን ቀንዲ ዕላማን ማሕበር መምህራን ኤርትራ እውን፡ ብሉጽ ትምህርቲ ኣብ መላእ ሃገርና ክበጽሕ ምጽዓር እዩ።

ዕቤትን ምዕባለን ሓንቲ ሃገር ዝሙርኮሰን ዝረጋገጸን በቲ ኣብታ ሃገር ዝወሃብ ዓይነት ትምህርቲ ስለዝኾነ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንጽላት ትምህርቲ ቀዳምነት ብምሃብ ዝኽፍ ፊናንሳዊን ጉልበታዊን ወፍሪ ይገብሩ ኣለዉ። ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ኣብያተ-ትምህርቲ ተዘርጊሐን ይርከባ። በዚ መንጸር፡ መምህራን ኣብ ኩሉ ጫፋት ኤርትራ ተመዲቦም፡ ንዘጋጥሞም ክሊማዊ፡ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ብድሆታት ተጻዊሮም ስርሖም የሰላስሉ ኣለዉ።

ዓይነታዊ ለውጢ ኣብ ትምህርቲ ንምምጻእ፡ ከቢድ ወፍሪን ጻዕሪን ናይ መንግስቲ፡ መምህራን፡ ወለዲን ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላትን መሻርኽቲን ዝተዋሃሃደ ስራሕ ዝሓትት እኳ እንተኾነ፡ ቀንዲ ተዋሳኣይን ወሳኒን ግን መምህር ኢዩ። በዚ ምኽንያት፡ መምህራን ንዘጋጥሞም ብድሆታት ተጻዊሮም፡ ህዝብን መንግስትን ዘሰከሞም ሓላፍነት ብዓወት ንክወጽኡ፡ ብኹሉ መዳያት ምሕያሎም ኣገዳሲ ኢዩ። ስለዚ ሞያዊ ዓቕሚን ተጻዋርነትን መምህራን ንምሕያል፡ እቲ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ዝቐጸለ ዘሎ ጻዕሪ ብዝሓሸ ናህሪ ብምቕጻል፡ ንምምሃር-ምስትምሃር ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር ብኹሉ ዝምልከቶ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ክሕየል ይግባእ። ብወገን መምህራን ድማ፡ መምህር ማለት ቀጻሊ ዝመሃርን ዝመራመርን ማለት ስለዝኾነ፡ መምህራን ኣብ ርእሲ እቲ ዘለዎም ፍልጠትን ክእለትን ናይ ጉዳእ ርእሶም ምዕባለ ብምግባር፡ ኣብ ትምህርቲ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻእ ሞያዊን ዜግነታዊን ሓላፍነቶም ምፍሳስ ብምግንዛብ ከይተሓለሉ ክጽዕሩ ይግባእ።

ማሕበር መምህራን ኤርትራ እውን ኣብ ትምህርቲ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻእ ኣብ ዝግበር ስራሕ ግቡእ ተራኡ ክጻወት ጻዕሩ ከምዝሐይል የረጋግጽ። ርሑስ ምጅማር ትምህርቲ ይግበረልና።

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!
ማሕበር መምህራን ኤርትራ

## ማይ-ዓይኒ - ወፍሪ ክታበት ጥሪት ይካየድ

ኣብ ን/ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ንጥሪት ካብ ሕማማት ብምክልኻል ጥዕናኣን ንምውሓስን ዝሃብኦ ምህርቲ ንምስሳንን፡ ካብ 21 ክሳብ 24 መስከረም ኣብ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ወፍሪ ክታበት ተኻይዱ።

እቲ ጸረ ፍርማይን ሕበጥን ከብቲ ዘጠቓልል ክታበት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ንቑጣታት ከምእተዋህበ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ጥዕና እንስሳታት ኣቶ ወልደኣብ ኣሰፋው ሓቢሩ።

ብፍላይ ኣብ ከብቲ ዝርአ ሕማም ፍርማይ ቅልጡፍ ፍወሳን መግትእን እንተ ዘይተገይሩሉ ኣብ ጥሪት ክሳብ ሞት ከብጽሕ ከምዝኽእል ብምሕባር፡ ሓረስቶት ብፍላይ ከኣ ኣብ መጓሰ ዝሰጥፉ ወሰንቲ ጥሪት፡ ነቲ ናይ ክታበት መደብ ተኸታቲሎም ጥሪቶም ብግቡእ ከኽትቡ ኣተሓሳሰበ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ቅናፍናን ቀርጹቓምጠን ንኣኽሎቡት ጸረ-ሕማም ዕቡድ ከልቢ ክታበት ከምእተዋህበ እቲ ሓብሬታ የጽርዕ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

ዜና

# ሃ/ኮ/ሰ/ኤ፡ ኣብ ስትራተጅያዊ ውጥን ዘተኮረ ስልጠና ወዲቡ

ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ምስ ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ካብ 16 ክሳብ 24 መስከረም፡ ኣብ ምድላው ውጥንን ትግባረን ስትራተጅያዊ ውጥን ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ዘተኮረ ስልጠና ኣካይዱ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ሃሰሰኤ፡ ኣሰልጠንትን ኣባላትን ናይቲ ማእከል፡ ወከልቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ከምኡ'ውን ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተሳተፍዎ ስልጠና፡ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃሰሰኤ ኣቶ ክብርኣብ ኪዳኔ፡ ምድላው ናይ'ቲ ስትራተጅያዊ ውጥን ኣካል ራኢ ኮንፌደረሽን ምዃኑ ብምጥቃስ ንተግባራውነቱ ኩሉ ብትግሃት ክጽዕሩ ተላቢዑ።

ግዜያዊ ዳይረክተር ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ ዶ/ር ኣብል ሃብተማርያም ብወገኑ፡ ራኢ ትካሉም - ናብ ጉዳና ብቕዓት ዝምርሻ ትካላት ኤርትራ ምርኣይ ምዃኑ ብምምልካት፡ እቲ ማእከል ኣብ ትግባረ ጸዲቑ ዘሎ ስትራተጂ ኣበርክቶ ከምዝገብር ገሊጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ምጅማር ስልጠና 8ይ ዙርያ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ምኽንያት ብምግባር፡ ሃሰሰኤ ኣብ'ታ ከተማ ምስ ዝርከቡ 34 ኣካየድትን ወከልትን ትካላት ናይ ዘተ ርክብ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ብ2 ጥቅምቲ ዝተኻየደ ርክብ፡ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃሰሰኤ ኣቶ ክብርኣብ ኪዳኔ፡ እቲ ማእከል በጺሕዎ ዝዘሎ ደረጃን መጻኢ መደባቱን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ መዓልታዊ ኣብ ክልተ እብረ ዝወሃብ ናይ ሰለስተ ወርሒ ስልጠና ብሸውዓተ ዓውደ-ሞያታት ክህብ ተዳልዩ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ትካላት - ሰልጠንቲ ብኣድማዕነት ስልጠናኦም ክከታተሉ ምእንቲ ምሉእ ግዜ ክህብዎም ተላቢዑ።

ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝተደኰነ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ፡ ዛጊት ን1,140 ሰራሕተኛታት ክልሱ-ሓሰብውን ግብራውን ሞያዊ ስልጠናታት ሂቡ ኣሎ።




# ናቕፋ - ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ሰሚናር ተዋሂቡ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ "መንእሰያት - ንሕቶ መድረኻዊ ብቕዓት" ብዝብል ቴማ፡ ብ30 መስከረም ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ንዝርከቡ ውዳባ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ሰሚናር ኣካይዱ።

ሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካን ውዳብን መንእሰይ ሱሌይማን የሰፍ፡ ረብሓ ሃገርን ሕብረተሰብን ምርግጋጽ ሓላፍነት መንእሰይ ወለዶ ስለዝኾኑ፡ መድረኻዊ ሕቶ ንምምላስ ብቕዓት ከምዝሓትት፣ እዚ ንምውናን ድማ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኮሰ ድልዱል ውዳብ ምፍጣር ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

መንእሰይ ሱሌይማን ኣስዒቡ፡ ብቑዕ መራሕነት ንምህናጽ፡ ከምኡ'ውን ንቕሓትን ኣድማዒ ፍልጠትን ንምብራኽ፡ ምሕያል ኩሉመዳያዊ ትምህርቲ ወሳኒ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ክብርታት ሕብረተሰብ ንምዕቃብን ናብ ወለዶታት ንምስግጋርን ሓላፍነት ናይ ኣፍስውቲፍ መንእሰይ ከምዝኾነ ኣጆሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ውዳበታት ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ክሕየል፣ ንቕዓት መንእሰያት ዘበርኽ ሰሚናራት ቀጻልነት ክህልዎ፣ ከምኡ'ውን ዝርግሐ ንቕሓት መንእሰያት ዘዕብዩ ጽሑፋት ኣተኩሮ ክወሃቦም ዝብልን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

# ጎልጅን ተሰነይን - ዘራእቲ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ክረምት ኣብ እዋኑ ብምጅማሩን ኩነታት ማሕረስ ኣብ ግዜኡ ብምዝዛሙን ሕርሻታት ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ፡ ተጸዋዒ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ኒጋሲ ሰረቐ ኣፍሊጡ።

ንኡሩና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ ኒጋሲ፡ ለሚ ዓመት ልዕሊ 100 ናይ መንግስትን ናይ ውልቅን ትራክተራት ተዋፊረን ልዕሊ 100 ሽሕ ሄክታር ከምእተሓረሰ፣ ካብ'ዚ እቲ 67 ሽሕ ሄክታር መሸላ፡ 33 ሽሕ ሄክታር ሰምሰም፡ 828 ሄክታር ድማ ብልቱግ ከምዝሸፈነ ገሊጹ።

እቶታውነት ንምስሳን፡ ሓረስቶት ምቅይያር ኣዝርእቲ ከዘውትሩ፣ ብፍላይ ድማ ከም ሰምሰም ዝኣመሰለ ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ ክጥቀሙ ተላቢዑ።

ንኩነታትን ዝርግሐን ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ነቑጣ ጎልጅ ኣብ 29 መዓልታት 264.9 ሚሊ.ሜትር፣ ኣብ ነቑጣ ተብልድያ ኣብ 14 መዓልታት 255.4 ሚሊ.ሜትር፣ ኣብ ነቑጣ ገርገፍ ኣብ 17 መዓልታት 272 ሚሊ.ሜትር፣ ኣብ ነቑጣ ኦምሓጀር ኣብ 26 መዓልታት 548.4 ሚሊ.ሜትር፣ ኣብ ነቑጣ ገርሰት ኣብ 19 መዓልታት 387.4 ሚሊ.ሜትር፣ ከምኡ'ውን ኣብ ነቑጣ ኣክላላት ኣብ 20 መዓልታት 416 ሚሊ.ሚትር ዝናብ ከምእተመዝገበ ኣረዲኡ።

ኣቶ ኒጋሲ ኣብ መወዳእታ፡ መሸላ ኣብ ደረጃ ምውላድ፣ ሰምሰም ድማ ኣብ ደረጃ ምዕንባብን ዘርኢ ምትኻዕን በጺሑ ስለዘሎ፡ ሓረስቶት ግራውቶም ካብ ባልዕ ክከታተሉ፣ ምልክታት ባልዕ ምስ ዝርኣዩ ድማ ብቕልጡፍ ንቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ክሕብሩ ተላቢዑ።



ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ኣብ ክረምታዊ ሕርሻ ዝሰጥፉ ሓረስቶት፡ ዘራእቶም ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ገሊጾም።

ለም ዘመን ኣብ ግዜኡ ዝጀመረ ህጡር ክረምቲ ብጽቡቕ ዝርግሐን መጠንን ስለዝቐጸለ፣ ሓረስቶት'ውን በቲ ኩነታት ተተባቢዖም ንጥፈታቶም ብኣጋ ስለዝዛዘሙ፡ ዘራእቶም ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ኣቶ መሓመድኑር መሓመድዓሊ፡ ኣቶ ዘወልዲ ጊላይን ኣቶ ተስፋሂወት ተኽመንን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ግዜ ብምሕላው ዝሰላሰል ንጥፈታት ማሕረስ፡ ጺሂያይ ጉሰያን ምግናእን ልዑል ወጽኢት ከምዝርከቦ ብምብራህ፡ ርቡሕ ምህርቲ ክሓፍሱ ትጽቢት ከምዘለዎም ኣረዲኦም።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ መንእሰይ ሰምሰም ዘርኣይ ብወገና፡ ለም ዘመን ኣስታት 17 ሽሕ ሄክታር ተሓሪሱ፣ መሸላ፡ ሰምሰምን ብልቱግን ከምዝለምዐ ብምግላጽ፡ ብዘበረ ህጡር ክራማትን ሓረስቶት ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ደለቦም ብዘለዉ ተመኩሮን ዘራእቲ ኣብ ደረጃ ምሽዋትን ምውላድን በጺሑ ከምዘሎ ኣፍሊጣ።

ኣብ መወዳእታ፡ መጋምጪታት'ውን ጽቡቕ ለሚዑ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ጓሶትን ሓረስቶትን ግራውቶም ካብ ባልዕ ክከታተሉን ካብ ባርዕ ክጥንቀቑን ኣዘኻኺራ።

# ንኣፍልጦ

የርዳኖስ ጸጋይ

## ምድረ-በዳ ኣታካማ



ምድረበዳ ኣታካማ ኣብ ደበባዊ ኣመሪካ ዝርከብ ዒቢ ምድረበዳ እዩ። እዚ ምድረበዳ እዚ 105 ሽሕ ትርብዒት ኪሎሜትር ስፍሓት ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ደበባዊ ፔሩ ክሳብ ሰሜናዊ ቺለ ተዘርጊሑ ይርከብ። ምድረበዳ ኣታካሞ ደድሕሪ ዝበረዱ ምድረ-በዳታት ዓለምና ዝኾኑ ኣርክቲክን ኣንታርክቲክን ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝርከብ ዝደረቐ ምድረበዳ እዩ።

እዚ ኣብ 4 ሽሕ ሜትሮ ልዕሊ ጸፍሒ ባሕሪ ብራኽ ዝርከብ ምድረ-በዱ ካብቶም ኣብ ኢኳቶር ዝርከቡ ወዑያት ቦታታት ዓለምና ዝዛይድ ብርሃን ጸሓይ እዩ ዝረክብ፡ ምድረበዳ ኣታካሞ ኣብ ደበባዊ ንፍቀክቢ ብዘለዎ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ እዩ ንልዑል ዓቐን ብርሃን ጸሓይ ክቃላዕ ክኢሉ። እቲ ኣብ ዓለም ዝበዝሐ ብርሃን ጸሓይ ዝዓልቦ ቦታ፡ ኣብዚ ምድረበዳ ዝርከብ ‘ኣልቲፕላኖ’ ዝበሃል ጉዝለ ክፋል ቺሌ፡ ቦሊቭያ፡ ፔሩን ኣርጀንቲናን ዘጠቓልል ከባቢ እዩ። ኣብዚ ከባቢ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትርብዒት ሜትሮ፡ 308 ዋት ዝበጽሕ ዓቐን ብርሃን ጸሓይ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ ኣብዚ ቦታ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትርብዒት ሜትሮ፡ ካብቲ ንቡር ብሸውዓተ ዕጽፊ ዝዛይድ ማለት 2,177 ዋት ዝበጽሕ ናይ ጸሓይ ጸርጊ ይዓልብ። እዚ ዓቐን ጸርጊ ጸሓይ'ዚ፡ ኣብታ ካብ መሬት ብ40 ሚልዮን ኪሎሜትር ናብ ጸሓይ ቀሪባ እትርከብ ፕላኔት ቬኑስ ዝርከብ ጸርጊ ዝዳረግ እዩ።

ምድረበዳ ኣታካሞ፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ 40 ዲግሪ ሰንቲ-ግሪይድ ዝበጽሕ ዓቐን ሙቐት ክህልዎ ከሎ፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ከኣ ናብ ትሕቲ 5 ዲግሪ ሰንቲግሪይድ ይወርድ። እዚ ዝደረቐ ምድረበዳ ዓለምና፡ ከም ሓሳኹ፡ ጠብቢቕ፡ ኣዕዋፍን ኣናጹን ወፍሩን ዝኣመሰሉ ውሑዳት እንስሳታት እዩ ዘኣንግድ።

ነዚ ምድረበዳ ብደንቢ ዝፈልጡ ክኢላታት፡ ምድረበዳ ኣታካማ ናይ ዓለምና ዝጠንከወ ምድረበዳን ንሶማይ ብዘይድገም ብገጹር ክትርኣየሉ ዘኽእላ እንኮ ቦታን ምዃኑ ይገልጹ። ኣብ ገለ ክፋል እዚ ምድረበዳ ዝርከብ ሓመድ ምስ ናይ ፕላኔት ማርስ ዝመሳሰል ምዃኑ'ዩ ዝነገሩ። መደበር ምርምር ጠፈር ኣመሪካ - ናሳ ነዚ ሓመድ ከም መመራመሪ ክጥቀምሉ ከለው፡ ገለ ዓበይቲ ናይ ፊልም ኢንዳስትሪ ዓለምና'ውን ነዚ ቦታ ከም መዋስኢ ይግልገሉሉ እዮም።

## ብሕክምና ኣፍልጦ ዝረኸቡ ዘገርሙ ዓይነታት ፍርሒ (ፎብያ)

ኦርጋፎብዩ፡ ፍርሒ ስራሕ ንዘለዎም ሰባት ዘወክል ዓይነት ፍርሒ እዩ። እዚ ዓይነት ፍርሒ ዘለዎም ሰባት፡ ሃኒያት ኮይኖም ዘይትኣሱ ኣቐዲሞም




ኣብ ዝሰርሕሉ ዝነበሩ ቦታ፡ ብስራሖም ዝሶበ ልዑል ጭንቀት ዝበርሃ፡ ጨቋኒ ሓለፊ ዝበርዎም፡ ወይ ከኣ ኣብ ልዑል ጉልበት ዝሓትት ስራሕ ዝተዋፈሩ ምዃኖም እዩ ዝገልጽ። ‘ኦርጋፎብያ’ ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ስራሕ ክኣትዉ ወይ ከኣ ናብ ስራሕ ክኸዱ ስለዝፈርሑ፡ ስራሖም ዕለታዊ መሰብርኦም ንኽመርሑ ኣዘዮም ይሽገሩ።

ኖሞፎብዩ፡ ካብ ሞባይል ናይ ምርሓቕ ፍርሒ እዩ ዘመልክት። እዚ ዓይነት ፍርሒ ዘለዎም ሰባት፡ ብሰንኪ ምስ ሞባይሎም ዘለዎም ጥቡቕ ቅርበት፡ ብዘይሞባይሎም ናብ ዝኾነ ቦታ ክኸዱ ልዑል ፍርሒ እዩ ዝፈጥረሎም። ኖሞፎብያ ኣብ ሃገራት ቀዳማይ ዓለም ብዝበዝሒ ዝርኣ ጸገም ኮይኑ፡ ናብ መላእ ዓለም እናተላበወ ዝኸይድ ዘሎ ፍርሒ ኮይኑ ደማ ተመዝጊቡ ይርከብ።

ኣብልቶፎብዩ፡ ፍርሒ ሰብነት ምሕጻብ እዩ። እዚ ዝበዝሐ እዋን ኣብ ቆልዑ ዝርኣ ፍርሒ ኮይኑ፡ እቶም ቆልዑ እናዓበዩ ምስ ከዱ ዝሃድፍ ጸገም እዩ። ይኹን'ምበር፡ ገለ ሰባት ነዚ ፍርሒ ምስኦም ሒዞሞ ክዓብዩን በዚ ጸገም እናተሳቐዩ ክነብሩን ይርአዩ።

ዛንቶፎብዩ፡ ፍርሒ ብጫ ሕብሪ እዩ። እዚ ዓይነት ፍርሒ ዘለዎም ሰባት፡ ብጫ ሕብሪ ክርእዩ ከለው ይፈርሑ። ክኢላታት እዚ ዓውዲ ነዚ ፍርሒ ኣመልኪቶም፡ ‘ዛንቶፎብያ’፡ ሓደ ሰብ ኣብ ህጻንነቱ ብዘጋጠሞ ኣሰንባዲ ተሞክሮ ዝጠንሰ ምዃኑ ይገልጹ። እዚ ፍርሒ ዘለዎም ሰባት ከም ባናና፡ ዕምባባ ታክሲ ካልእን ክርእዩ ከለው፡ ኣእምሮኦም ንድሕሪት ማለት ናብ'ቲ ኣሰንባዲ ፍጻመ ይምለስ እሞ፡ ከም ግብረ-መልሲ ኣካሎም ክንቀጥቀጥ ከሎ፡ ከም ሳዕቤኑ ኣብ ልዑል ወጥሪ ይኣትዉ።

ቴለፎብዩ፡ እዚ ዓይነት ፍርሒ ኑዖም ብቴሌፎን ኮነ ብሞባይል ምዝርራብ ዝፈልሑ ሰባት ይወክል። እዞም ሰባት ትርኢት ቴሌፎን ዘይኮነ ዘጽልኦም፡ እንታይ ይኣ፡ ብተሌፎን ምዝራብ እዩ ወጥሪ ዝፈጥረሎም። እቲ ዘርርም ከኣ ሚልዮናት ዝበጽሑ ሰባት፡ እዚ ዓይነት ፍርሒ ዘለዎም ምዃኑ እዩ።

## ዝተመስርሐ መግቢ እንታይ እዩ?

ዝተመስርሐ መግቢ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክፋሊ ዓለም ዝርከብ ተባዓኒ ዓይነት መግቢ እዩ። ዓይነትን ብዝሕን እዚ መግቢ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ግዜ፡ ሕዱራት ሕሞማት ከኣ ብዓይነትን ብዝሕን ክልዕሉ እየም ዝርኣዩ ዘለዉ። ዝተመስርሑ መግብታት ግን ከመይ ዝኣመሰሉ እየም? ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ዓይነታት መግቢ ብመጠን ዝሓልፍዎ መስርሕ ኣብ ኣርባዕተ ይኽፈሉ። ንሶም ከኣ፡ ዘይተመስርሑ መግብታት፡ ገለ ክፋሉም ዝተመስርሐ መግብታት፡ ንምቅማም ዝሕግዙ መግብታትን ልዑል ምስርሐ ዝሓለፉም መግብታትን ይበሃሉ።

ዘይተመስርሑ መግብታት፡ ዝኾነ ዓይነት መስርሕ ከይተኻየደሎም ብቐጥታ እትጥቀመሎም መግብታት እየም። እዞም መግብታት እዚኣቶም ዕለታዊ እንግኸም ኮይኖም ከም ኣሕምልቲ፡ ፍርያት እንስሳታት፡ ጥረታት፡ ፍሩታታት፡ ኣእካልን ምጥቃስ ይከኣል።

ገለ ክፋሉም ዝተመስርሐ መግብታት፡- ንኣስ ምቅይያራት ማለት ከም ምብራድ፡ ምቅላው ወይ ከኣ ምንቃጽ ዝተኻየደሎም ዓይነት መግብታት እየም። እዞም መግብታት እዚኣቶም ዝኾነ ቀመም፡ ጨው፡ ሽኮር ወይ ከኣ ዘይቲ ኣይሕወሶምን እዩ። ዝተቐልወ ቡን ከኣ ቀንዲ ኣብነት ናይዚ ዓይነት መግቢ እዩ።

ንምቅማም ዝሕግዙ መግብታት፡- ንምስራሕን ንምቕማምን መግብታት ዘገልግሉ ኮይኖም፡ ካብ ዝተፈላለዩ ፍረ ኣግራብ ዝሰርሑ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዘይቲ ደማ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

ልዑል ምስርሐ ዝተኻየደሎም መግብታት ደማ ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ ዓይነት መግብታት ብዘለዎም ትሕዝቶ ዝተፈለዩ እየም። እዞም መግብታት፡ ኣብ ዕለታዊ ናብራና ዘይንጥቀመሎም ልዕሊ ኣርባዕተ መቃምምቲ ዝውንኑ ኮይኖም፡ ንኽብልዑ ነዊሕ መስርሕ ዘድልየምን ተበዅሎትን እየም። እዞም መግብታት እዚኣቶምን ንነዊሕ እዋን ክዕቀቡ ዝሕግዙ ቀመማት፡ ሰብሰርሐ ሕብሪ፡ ልዑል ሽኮር፡ ጨው፡ ስብሕን ዝተፈላለዩ መማቐርትን ይውንኑ። ቀንዲ ኣህጉራዊ ናይ'ዚ ዓይነት መግቢ ደማ ኣመሪካ፡ ብሪጣንያ፡ ኣውስትራልያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሜክሲኮ፡ ጃፓን፡ ቺለ፡ ብራዚል፡ ደቡብ ኮርያ፡ ኢንዶኔዥያን ኢጣልያን ምዃነን ይሕበር።

ንኣሉታዊ ሳዕቤናት ልዑል ምስርሐ ዝተኻየደሎም መግብታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ እዞም መግብታት ብዘውንንዎ ሰብሰርሐ መማቐርቲ ኮነ ቀመማት፡ ንጥዕና ሰብ ሓደገኛታት ምዃኖም እዩ ክልለ ተኻኢሉ ዘሎ። እዞም ቀንዲ ዕላማኦም ዓድጊ፡ ንምውንዋን ተባሂሎም ዝሰርሑ መግብታት፡ ብብዝሒ ምስ ዝወሰዱ፡ ሕዱራት ሕሞማት ማለት ከም ሕማም ሽኮር፡ ጸቕጢ ኣእምሮ፡ ሕማም መንሽሮ፡ ከርሲ፡ ሕማም ልብን ልዑል ጸቕጢ ደምን ከስዕቡ ይኽእሉ። ዝተመስርሑ መግብታት፡ ልዑል ተጠሉቦት መታን ክህልዎም፡ ብዙሕ ጨውን ሽኮርን ወፊኖም ከምዝሰርሑ ይግበር። ብዘይካ'ዚ፡ ትሑት ትሕዝቶ ጽሕየን ማዕድናትን ስለዘውንኑ፡ ንጥዕና መማስጡ ተመጊቡዮም ብኣሉታ ይጸልዉ። እዞም ጁብ ኣፍረይቶም እናህበሩ ንጥዕና ኣዘውተርቶም ኣብ ሓደጋ ዘእትዉ ዘለዉ መግብታት፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ዝተናወሐ እዋን ዘስዕብዎ ሕሞማት፡ ዕምሪውን ከምዝሓጽሩ እዩ ኣብ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዝሕበር ዘሎ።

ዝተመስርሑ መግብታት ኣብ ጥዕና ሰብ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኣከባቢ እውን ኣሉታዊ ሳዕቤን እናውረዱ ይርከቡ። እዞም መግብታት ንምፍራይ ብዙሕ ሕርሻዊ መሬት ስለዘድሊ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ማእለያ ዘይብሎም እንስሳታት ዘኑዓም፡ መዕቆቢ ስኢኖም ይጸንቱ ምህላዎም ይሕበር። ብተወሳኺ፡ ኣፍረይቲ እዞም መግብታት ዝኾና ፋብሪካታት፡ ካብ'ቶም ቀንዲ ምንጪ ብኽለ ኣየር ኮይነን ይርከባ።




### ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | ዶክመንታሪ |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ረብዖት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቈላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሽባብ

ሕቶ ሽባብ

ሃ.ግ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ሻቕሎት ንምፍኳስ

*ከመይ ትቐንዩ ክቡራት ተኸታተልቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ዓምዲ ሕቶ ሽባብ? ኣብ መደብና ዘለኩም ተገዳስነት፡ እትህቡና ሕቶን ርእይቶን ቀንዲ መረጋገጺና'ዩ። ምስጋናና ድማ፡ ኩሉ ግዜ ልዑል'ዩ። ንሎሚ ድማ ካብቲ ዝተለምደ ኣቃራርባና ብዝተፈልየ ኣገባብ፡ ሻቕሎት ንምፍኳስ ዝሕግዝ ጽሑፍ ኣዳሊናልኩም ኣለና፡ ሰናይ ንባብ።*

ሻቕሎት፤ ሻቕሎት፡ ካብ ስግኣት ዝብገስ ሃንደበታዊ ፍርሒ'ዩ። እዚ ሓደ ካብ መስርሕ ኩነተ-ኣእምሮ ኮይኑ፡ ንስምዒት ዝቈጻጸር ሃንደበትነት'ዩ። ብኻልእ ወገን ኣብ መንነ ህልውን መጻእን ዘሎ ዘንጹርነት ዝመንቀሊኡ ስግኣት ዝፍጠር ፍርሒ ተባሂሉ'ውን ይግለጽ'ዩ።

ምልክታት፤

ሻቕሎት ብዝተላለየ ምልክታት ክንጸባረቕ ይኽእል። ገለ ካብ'ቶም ድማ፡ ክብጻሕ ንዘይከኣል ጉዳይ ብዘይ ዕረፍቲ ምሕሳብ፣ ከጋጥም ተኽእሎ ንዘለዎ ድማ ህንጡይ ትጽቢት ምግባር፣ ስምዒት ባዶነት፣ ምጥርጣር፣ ሓደገኛ ሓሳብ፣ ከይመውት ዝብል ፍርሕሒ፡ ከምኡ'ውን ንንቡር ተርእዮን ብድሆን ናብ ዘይተደልየ ኣንፈት ምጥምዛዝ ዝኣመሰሉ ተገንዝቦኣውን ስምዒታውን ተርእዮታት ክኸሰቱ ይኽእሉ።

ገለ ካብ ኣብነታት ንምጥቃስ፡ ኣብ ኣፍ ልቢ ዝኾነ ስምዒት ምስ ዝፍጠር፡ ሕማም ልቢ ከም ዝገበርካ ምሕሳብ፡ ልኡኽ ከይፈጸምካ ብማዕዶ ሰሊጡዶ እናበልካ ምርባሽን ኣእምሮኻ ጅሆ ምሓዝን ክግለጽ ይከኣል።

ብጉሉሕ ዝርአ ምልክት ሻቕሎት ፍርሒ'ዩ። ብይኸውን ጽልኢ ከተሕድርን ይቕረ ንምባል ትብዓት ስኢንካ ክትቀያየርን መኣዝን ክትስሕት እንተ ጀሚርካ፡ ኣመት ምልክት ሻቕሎት ምዃኑ ክትግንዘብ ይግባእ።

ሻቕሎት፡ ንመትንታት ከስዐ፡ ብምቑጣዕ ዘይንቡር ኩነታት ንክኸሰት ስለ ዘድርኽ ንነድሪ ከስዐ የቃልዕ። እዚ ድማ ካብ ብመግቢ፡ ብሻቕሎት ዝፍጠር ነድሪ ከስዐ ከም ዝዓቢ ክኢላታት ይሕብሩ። ብተወሳኺ ንሕማም ልቢ፡ ጸቕጢ ደም፡ ጉርንጉሪት፡ ሽኮርያን ሕምም ኣእምሮን ከቃልዕ ይኽእል።

ሽሕ'ኳ ሻቕሎት፡ ኣካላ መስርሕ ህይወትና እንተኾነ ከም ንቡር ተወሲዱ ሸለል ክብሃል ኣይግባእን። እዚ ስዒብና እነቕርበልኩም ድማ ሻቕሎት ኣብ ዘጋጥመና ንምፍኳስ ሓገዝቲ ዝኾኑ ኣገባባት'ዮም።



1. ኣስተውዒልካ ምሕሳብን ድልው ምዃንን፤ እዚ ኣገባብ ረጊእካን ብርእሰ-ተኣማንነት ንኽትሰርሕ ሓጋዚ'ዩ። ብዝተኻእለ መጠን ሎሚ ክትፍጽማ ዘለካ ስራሕ ንጽባሕ ከተሰጋግራ ኣይምረጽን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ካብ ናይ ጽባሕ ዝበኸር ግዜ፡ ኣብ ሎሚ ኼንካ ብዛዕብኡ ክትሓስብ ትውዕሎን ትሓድሮን ዝፈጥሮ ሃልኪ፡ ንሻቕሎት ስለ ዝቕስብ'ዩ። ኣቐዲምካ ምድላውን ምቕርራብን፡ ስራሕ ኣብ እዋኑ ንኽሰልጥ ሓጋዚ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ካብ ሻቕሎት ንምግልጋል ድማ ወሳኒ'ዩ። ንኣብነት፡ ንሓንቲ እትፈርስ ዘላ ገዛ፡ ከሐድሳ'የ ኢልካ ብውሽጥኻ ካብ ምሕማስ፡ ካብ ሕሉፍ ጌጋ ኣተሃናንጻኣ ተማሂርካ፡ 'ግዜይ ኣመሓዲረ ብኽመይ ዝተመሓየሸ ንድፌ ኣቕርብ' ኢልካ ምብጋስ ይሓይሽ። ኣብ መንጎ ኩናትን ሰላምን፡ ኣብ መንጎ ብሉጽን ግጉይን ሓሳብ ዘሎ ፍልልይ፡ ዘይምንጻር ድማ ሻቕሎት የኸትል። ብሉጽ ሓሳብ ንጠንቅን ሳዕቤንን ዘጋጠመ ኩነት፡ ናብ ቅኑዕን ሃናጽን ውጥን ክመርሕ እንክሎ፡ ግጉይ ኣተሓሳስባ ኸኣ ናብ ወጥርን ነድርን ይመርሕ። ስለዚ ግጉይ ኣተሓሳስባ ናብ ግጉይ መገዲ ከም ዘምርሕ እንተ ተገንዚብካ፡ ብሉጽ ብምሕሳብ፡ ሻቕሎትካ ከተፋኹስ ተኽእሎ ኣለካ።

2. ሓዳስ መዓልቲ ሓድሽ ህይወት ምዃኑ ምግንዛብ፤ ሎሚ'ኳ ዘይጠዓየት ጽባሕ እንታይ ክትጥዕይ፡ እናበልካ ካብ ምሽቓል፡ 'ሰናይ ትምኒት ሰናይ ነገር ይፈጥር፡' ስለዚ 'ጽባሕ እንታይ ክገብር'የ' ኢልካ ካብ ምሽቓል፡ ሎሚ ዝገበኣካ ብምዕማም፡ ንጽባሕ ሰናይ ነገር ኣሎ ብምባል፡ ብሓጐስ ምቕባል ይምረጽ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዘይተረጋገጸ ድሒሩ ከጋጥም ንዝኽእል፡ ትማሊ ኣይሰለጠንን'ሞ፡ ሎሚ'ውን ኣይግድን ብምባል፡ ብግምት ብምሕሳብ ኢድካ ምሃብ ንሻቕሎት ስለ ዝቕስብ፡ ክውንነታዊ ሓሳብ ምሕሳብ ኣገዳሲ'ዩ።

3. ሻቕሎት ከም ዘለካ ምፍላጥ፤ ዘጋጠመካ ኩነት 'ስለምንታይ ንኣይ የጋጥመኒ' ኢልካ ካብ ምሽቃል፡ ክትፈትሖ ምብጋስ። "ብርቱዕ ሕማቕ ሕማም፡ ካብ ሞቱ ነይሓልፍ" ከም ዝበሃል፡ 'ካብዚ ዝኸፍአ እንታይ ከጋጥመኒ ይኽእል፡' ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ምሕታት። እንተ ኣጋጠመ ብህድማን ብመረረን ክትምልስ ዘይኮነ፡ ብህድኣት ኣስተውዒልካ፡ ንዝኸፈአ ኩነት ብዝሓሸ ንኽትገጥሞ ኣማራጺ ሓሳብ ምንዳይ ሓጋዚ'ዩ።

4. ኣካላዊ ምንቅስቃስ ምዝውታር፤ ዝመረጽካዮ ዓይነት ስፖርት ምዝውታር፡ ጭዋዳታት ንኽስተርሕዩን ዋሕዚ ደም ናብ ሓንጐል ንኽዛይድ ስለ ዝድርኽ፡ ካብ ሻቕሎት ንምግልጋል ሓጋዚ'ዩ።

5. ንጡፍ ማሕበራዊ ተዋስኦ ምህላው፤ ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ኣጋጣሚ ምስታፍ፡ ካብ ዘለካ ወጥሪ ንምግልጋልን ኣማራጺ ሓሳብን መፍትሕን ንምርካብ ሓጋዚ ስለ ዝኾነ፡ ሻቕሎት ንምቕላል ሓጋዚ'ዩ። ምስ ትፈትዎም ሰባት ምህላው ካብ ስምዒት ተነጽሎን ሻቕሎትን ስለ ዘገላግል፡ ጸግዒ ክህልወካ ንጡፍ ተሳታፋይ ምዃን።

6. ምስ ዝኾነ ሰብ ሕውነታዊ ዝምድና ክህልወካ ጸዓር። ኣብ ጽሬትካን ኣቃውማኻን ተገዳስነት ምግባር። ናይ ቤት ጽሕፈት ሰራሕተኛ ምስ እትኸውን፡ ብዘይካ እቲ ስሩዕ ከተማልኦ ዝግበኣካ ስራሕ፡ ቤት ጽሕፈትካ ጽሩይን ዝተመዓራረየ ከም ዝኸውን ምግባር። ኣብ ስራሕካ ብተገዳስነት ምስራሕ፡ ኣይመላእክዋን ወይ ጕዲሉኒ ካብ ዝብል ስምዒት ስለ ዘጒድል ሻቕሎት ንምቅላል ሓጋዚ'ዩ። ብተወሳኺ ኣብ ጸቕጢ እንከለኻ፡ ብታህዋኽ ስራሕካ ከተማልእ ምፍታን ሻቕሎት ስለ ዘዕብይ፡ ክሳብ ዝተኻእለ መጠን፡ ኣብ እዋን ጸቕጢ ብታህዋኽ ክትሰርሕ ኣይትሓልን።

7. ንኻልኦት ምሕጋዝ፤ ንኻልኦት ጽቡቕ ምግባር፡ ንገዛእ ርእስኻ ጽቡቕ ስምዒት፡ ሰላም፡ ዕረፍቲ ኣእምሮን ሓጐስን ዝፈጥር ተግባር ስለ ዝኾነ፡ ዕግበት ዝፈጥረልካ እንተ ኾይኑ ስዓቦ።

8. ደስ ዝብለካን ባህታ ዝፈጥረልካን ቦታታት ምዝዋር፤ ንጹህ ኣየር ንምርካብን ኣእምሮኻ ንምሕዳስን ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ሻቕሎት ንምፍኳስ'ውን ሓጋዚ'ዩ።

9. እኹል ድቃስ ምውሳድ፤ ድቃስ ኣእምሮ ንኽሕደስን ከዕርፍን ስለ ዝኽእል ሻቕሎት ንምቕላል ሓጋዚ'ዩ። ብተወሳኺ ሙዚቃ ንምዝናይ ሓጋዚ ስለ ዝኾነ፡ ተጠቀመሉ።

10. ሻቕሎት ከጋድዱልካ ዝኽእሉ ነገራት ምልላይ፤ ክውንነታዊ መረዳእታ ምህላው፡ ኩነታት ክኸብድን ክፈኩስን ከም ዝኽእል ምግንዛብ፡ ብሸለልትነት ዘይምርኣይ። ብባዕላዊ ትንታነ ብመጻኢ ምርባጽ ክውገዱ ይግባእ።

11. ኣብ ስራሕ ምጽማድ፤ ስራሕ፡ ካብ ብሰንፈላል ንዝመጽእ ዘይተደልየ ሓሳብ፡ ንምክልኻል ሓጋዚ ስለ ዝኾነ ብስራሕ ምጽማድ ኣገዳሲ'ዩ። ምስ ስራሕ ምምሕዛው ተኽእሎ ጽልኢ ይንከ። ጽልኢ፡ ክእለትካ ብምዕናው፡ ብዛዕብኡ ጥራይ ንኽትሓስብን ኣብ ሻቕሎት ንኽትሸመም ስለ ዝቕስብ ብስራሕ ምጽማድ ኣገዳሲ'ዩ። ብኣንጻሩ፡ ብዘይ ዕረፍቲ ምስራሕ ብሰንኪ ድኻም ግዜኻ ብግቡእ ንኸይተማሓድር ስለ ዝገብር ንሻቕሎት የምርሕ፡ ስለዚ እኹል ዕረፍቲ ክህልወካ ይግባእ። ብኻልእ ወገን ኣህላኺ ስራሕ፡ ክትርህጽን ኣዕሚቑካ ንኽተተንፍስ ስለ ዘኽእል ሻቕሎት ንምቕላል ሓጋዚ'ዩ።

12. ክውንነታዊ ምዃን፤ ብሰንኪ ማሪታውን እምነታውን ኩነታት፡ ንዕለታት፡ ከም ሕማቕ ፋል ምግንዛብ፡ 'ሎሚ መዓልቲ ሕማቕ ፋል'ዩ ገለ ክንንፈኒ'ዩ' ኢልካ ምሕሳብ፡ ንሻቕሎት ስለ ዘድርኽ፡ ሓቀኛን ክውንነታውን'ውን ስለ ዘይኮነ፡ ግዜኻ ብኮንደኾን ምሕላፍ፡ ጥቕሚ ስለ ዘይኮነ፡ ኣብ ዘይተጨበጠ ብሂላት ግዜኻ ዘይምብኻን። ጒድለት ኣፍልጦ፡ ንምድንጋር ስለ ዘምርሕ፡ ኣፍልጦኻ ከየዕበኻ፡ ሓቅነት ክትምርምርን ከተረጋግጽን ኣጸጋሚ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ምድንጋር ንምድሓን፡ መርገጺኻ ኣብ ሓቅን ክውንነትን ዝተመርኰሰ ክኸውን ምጽዓር።

13. ሃናጺ ነቐፌታ ምቕባል፡ ኣሉታው ድማ ምንጻግ፤ ነቐፌታ ምቕባል ትፈርህ እንተ ኼንካ፡ 'እንታይ ኮን ክብሉኒ'ዮም' ብምባል ንሻቕሎት ቀሉዕ ይገብረካ። ከይብሉኒ ኣወጊድካ ሃናጺ ነቐፌታ ንምቕባል ድሉው ምዃን ሓይሊ'ዩ ዝፈጥር። ኣሉታዊ ምስ ዝኸውን'ውን ምንጻጉ ኣገዳሲ'ዩ።

14. ጠንቂ ምልላይ፤ ሻቕሎት፡ ዋላ'ኳ ብድሌትካ ተምጽኦ እንተ ዘይኮነ፡ ዝገጠመካ ብድሆን፡ ንምፍትሑ ዘለካ ዓቕሚ ምልላይ ኣገዳሲ'ዩ። ማዕረ-ማዕሪኡ፡ ብድሆ ብዓቕልን ጥበብን ደኣ'ምበር፡ ብሸቓልቓል ከም ዘይፍታሕ ምስትብሃል።

15. መዝገብ ምሓዝ፤ ምርሳዕ ንዝተለምካዮ ከተዓናቕፍ ስለ ዝኽእል፡ ኣምሳይኡ ድማ ሻቕሎት ከስዕብ ስለ ዝኽእል፡ መዝገብ ምሓዝ ብሰንኪ ምርሳዕ ክስዕብ ንዝኽእልን ሻቕሎት ስለ ዘጉድል፡ መዝገብ ምሓዝ ኣገዳሲ'ዩ።

16. ኣብ እዋኑ ምውሳን፤ ብጥንቃቐ ምዕያይ፡ ርግኣት ንኽህልወካ ሓጋዚ'ዩ፡ ኣብ ርእሲኡ ቅልጡፍ ውሳኔ ዘድልዮም ጉዳያት ብእዋኑ ምውሳን። ካብ ተለዋዋጢ ዘይርጉእ ውሳኔ ምውሳድ፡ ቀሩብ ሓሲብካ ብዝወሰንካዮ ምጥዓስ ክሓይሽ ስለ ዝኽእል፡ ኣብ እዋኑ ምውሳን።

17. ጽሬትካ፡ መልክዕካን ጥዕናኻ ምሕላው፤ ብሰንኪ ከይብሉኒ ምባል ዝስዕብ፡ ሻቕሎት ንምክልኻ ኣብ ጽሬትካን ኣቃውማኻን ምግዳስ፡ ርእሰ ተኣማንነትካ ስለ ዘዕቢ ኣገዳሲ ረቋሒ'ዩ። ብሰንኪ ጥዕናዊ ጸገማት ክስዕብ ንዝኽእል ሻቕሎት ንምውጋድ፡ ምስ ሰብ ሞያ ምልዛብ ድማ ካብ እዚዶ ይኸውን ምባል ስለ ዘድሕን ምስ ዝምልከቶ ምልዛብ ይምረጽ።

18. ምንባብ ኣዘውትር፤ ምንባብ ንኽይትጋየሽ ሓጋዚ'ዩ። ምሁራት ዝሓለፍዎ ኣካዳምያዊ መስርሕ ዋላ እንተ ዘይበጻሕካ፡ ንዝበጽሕዎ ደረጃን ርኽበትን ንኽትፈልጥ ሓጋዚ ስለ ዝኾነ ምንባብ ኣገዳሲ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ንባብ፡ ካብ ዘይምፍላጥ ንዝብገስ፡ ነብሰ-ጥርጠራ ብንባብ ክፍወስ ከም ዝኽኣል ይፍለጥ።

እምበኣር ክቡራት ተኸታተልቲ ዓምዲ 'ሽባብ'፡ ሻቕሎት ብኸመይ ይግጠም ኣፈናዊ ሓበሬታ ረኺብኩም ክትኮኑ እናተተስፈና፣ ጽሑፍና፡ ሻቕሎት ኣብ ዝኾነ ማሕበራዊ ህይወትና ከጋጥም ስለ ዝኽእል፡ ከም ውሁብ ተወሲዱ ሸለል ክብሃል ከም ዘይግበእ ንምንጻር'ዩ። ግዜኹም ወፊኹም ስለ ዘንበብክሞ ድማ ነመስግን።

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልሞዊት መዓሾ

# ድሕነት መግቢ ካብ ቦታ ሕርሻ ክሳብ መኣዲ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ትሕቲ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!” ዝብል መርሓ ጕደና፡ ካብ 2024-2028 ዝዝርጋሕ ሓድሽ ስትራተጅያዊ ውጥን ኣዳልዩ ኣብ ምትግባሩ ይርከብ።

ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ቴማ ውሑስ ዝብል ኣምር፡ ንድሕነት ሰብን ኣከባብን ኣብ ግምት ዘእተወ ኣገባብ ምፍራይ፡ ምኽዛን፡ ምግዕዓዝን ምህላኽን ሕርሻዊ ፍርያት እዩ ዘመልክት። ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ እምበኣር መግቢ ካብ ቦታ ሕርሻ ክሳብ መኣዲ ዘበጽሕ እንታይ ዓይነት ቍጽጽር ድሕነት መግቢ ከም ዝኽተል ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ቍውጽጽር መድሃኒት እንስሳን ክታበትን ኣቶ ዓወት ርእሶም፡ ዘዳለዎ ጽሑፍ ቀሪቡ ኣሎ።

### ድሕነት መግብን ኣገዳስነቱን

መግለጺ ኮደክስ (CODEX) ምርኩስ ብምግባር፡ ድሕነት መግቢ ክበሃል እንከሎ፡ መግቢ ብመሰረት መዓላኡ፡ ኣብ ምድላዉ ወይ ኣብ ምህላኹ ንተጠቃማይ ጉድኣት ዘየውርድ ማለት'ዩ።

ድሕነት መግቢ እቲ ቐንዲ ዛዕባ ዓለምና ኰይኑ፡ ንጥዕና ሕብረተሰብ ሓደጋ ካብ ዘእትዉ መግቢ ወለድ ሕማማት ዝከላኸል ኣገዳሲ መስርሕ እዩ። ብኩል መግቢ ከም ሕማማት ከስዐ-መዓንጣ ክሳብ ሞት ክኸትል ይኽእል። ብመሰረት ሓበሬታ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ዓመታዊ ልዕሊ 600 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ መግቢ ወለድ ብከላ ይሓሙ። ልዕሊ 420,000 ሰባት ይሞቱ ካብዚኣቶም ድማ 125 ሽሕ ቈልዑ ክኾኑ ከለዉ ካብቲ ዝተረፈ ቍጽሪ ድማ እተን ዝበዝሓ ደቂ-ኣንስትዮ እየን። ብተወሳኺ ኣብተን ትሑትን ማእከላይ ኣታውን ዘሎወን ሃገራት፡ ወጻኢታት ሕክምናን ንዝውገኑ መግብታትን ዓመታዊ ልዕሊ 110 ቢልዮን ዶላር ክሳራ የጋጥም። እምበኣርከስ ድሕነት መግቢ ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ዘይኣቱ፡ ብደረጃታት ወይ መለክዒታት ተቐይዱ ኣብ ተግባር ዘውዕል'ዩ። ስለዚ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ ናይ ኩሉ ሓላፍነት'ዩ። እዚ ማለት ዝኾነ ኣብ ሰንሰለት መግቢ ዝዋሳእ ሓላፍነት ኣለዎ ማለት'ዩ።

### ድሕነት መግቢ ካብ ቦታ ሕርሻ ክሳብ ጣውላ ወይ መኣዲ

ድሕነት መግቢ ካብ ቦታ ሕርሻ ክሳብ ጣውላ ወይ መኣዲ ማለት ብሓፈሻ ኵሉ ኣብ ሰንሰለት መግቢ ዝግበር ንጥፈታት ካብ መፍረ ሕርሻ ጀሚሩ ክሳብ ኣብ ተጠቃማይ ዘሎ መስርሕ የጠቓልል። እዚ ምፍራይ፡ ምጕዕዓዝ፡ ምምስራሕ፡ ምዕሻግ፡ ምክፍፋል፡ ምሻጥ ከምኡ ድማ ምህላኽ መግቢ ሓቕፉ ይርከብ።

### ኣብ ሰንሰለት መግቢ ዘጋጥም ብከላ

ካብ መፍረ ጀሚሩ ክሳብ ምምጋብ ዘሎ መስርሕ፡ ኣብ ኵሉ ቀለቤት ሰንሰለት መግቢ እቲ ዘድሊ ኣገባብ ንጽህና ምስ ዘይንጥቀም ብከላ ከጋጥም ይኽእል። ስለዚ ንጥፈታት ንጽህና ኣብ ኵሉ ሰንሰለት መግቢ ብግቡእ ኣብ ግብሪ እንተዘይውዒሉ ድሕነት መግቢ ኣብ ሓደጋ ክኣቱ ይኽእል። ናይ መወዳእታ ብቕዓት ዝተመስርሑን ዘይተመስርሑን ምህርቲ መግቢ ኣብ መጀመርታ ዝግበር ንጥፈታት ምፍራይ'ዩ ዝምርኮስ። ምኽንያቱ ኣብ መጀመርታ ዝግበር ንጥፈታት ምፍራይ ንጽህንኡ ዘይተሓለወ መግቢ ድሕሪ ምምስራሕ'ውን እንተኾነ ድሕነቱን ብቕዓቱን ኣይረጋገጽን እዩ። ስለዚ ድሕነት መግቢ ካብ ምፍራይ ኣብ ቦታ ሕርሻ ይጅምር።

### ምርግጋጽ ድሕነት ኣብ ምፍራይ ሕርሻዊ ምህርቲ

ምፍራይ ሕርሻዊ ምህርቲ እቲ ቐዳማይ መስርሕ ምክልኻልን ምርግጋጽን ድሕነት ኣብ ሰንሰለት መግቢ እዩ። ስለዚ ቅድሚ ምሕፋስ ምህርቲ፡ ሓረስታይ ኣብ ቦታ ሕርሻ ክዘውትሮም ዘለዎም ኣገባባት ምስ ንጽህና ዝተኣሳሰሩ ቀኑዕ ሕርሻዊ ንጥፈታት እዞም ዝስዕቡ ይመስሉ፦

- **ከባብያዊ ንጽህና ቦታ ሕርሻ ብዕቱብ ምክትታል፦** እዚ ማለት ቦታ ሕርሻ ክምስረት ከሎ ካብ ንብከላ ዘቃልዑ ነገራት ከም ጕሓፍ ዝእከበሉ፡ ረሳሕ ፈሳሲ ዝሓልፈሉ፡ ዓበይቲ ትካላት ዝርከብሉ ወዘተ ርሒቑ ክድኰን ይግባእ። ሓደ ጽቡቕ ኣብነት ዝኾነና ማይ-በላ ረሳሕ ፈሳሲ ናይ ከተማ ኣስመራ ዝሓልፈሉ ከባቢ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ሓረስቶት ናይ ሕርሻ ቦታ ይጥቀምሉ ኔሮም። ብሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ኣብ 2001 ዝተኻየዱ መጽናዕታት ከምዝሕብሮ ግን ማይ-በላ ካብ ፋብሪካታት ዝወጹ ከበድቲ ማዕድናትን ሓጻውንን ከምኡ'ውን ብተጓዳእቲ ታሃዋስያን ዝተበከለ ብምዃኑ፣ እዚ ንድሕነት ፍርያት ሕርሻ ብኣሉታ ስለዝጸሉ፡ ብምምሕዳር ዞባ ማእከል ካብኡ ዝኾነ ሕርሻዊ ምህርቲ ከይፈሪ ተኸልኪሉ ይርከብ።

- **ሕርሻዊ ቀመማት ብውሑስነት ምጥቃም፦** ሕርሻዊ ቀመማት ቀንዲ ንጥፈታት ኣብ ቦታ ሕርሻ ብመሰረት መምርሒ ብዕቱብ ክንጥቀመሉ ይግባእ። ኣብ ኣጠቓቕማ ሕርሻዊ ቀመማት ምስ በዓል ሞያ ሕርሻ ክንማኸር ይግባእ። ከም ናይ መወዳእታ ምርጫና'ውን ክኸውን ኣለዎ። ምጥቃም ሕርሻዊ ቀመማት ክነጕድል እንተኾይንና ዉሁድ ምሕደራ ባልዓትን ብቑዕ ክንክን ጥዕና እንስሳታትን ምዝውታር የድሊ። ብቑዕ ንጥፈታት ጽሬት ብግቡእ ንምዝውታር፡ ዝበሃል ምስላ ኣሎ “ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተሸናኺንካ ጥዕና” ቀንዲ መሪሕ ክኾነና ይኽእል። ምህርቲ ሕርሻ ቅድሚ ምሕፋስና፡ ሕርሻዊ ቀመማት ስርሖም ወዲኡ ዝበነሉ ገደብ ግዜ ምክትታልን ምትግባርን። ከም ኣብነት ዝኾነና ኣብ 2018 ብዘይ ብቑዕ ኣጠቓቕማ ጸረ ባልዕ ልዕሊ 110 ኩንታል ኮመደረ ተበኪሉ ተጓሒፉ እዩ። ኣብዚ እዋን ሳላ ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ዝገብሮ ዘሎ ናይ ኣስተምህሮን ቍጽጽራዊ ስራሕን፡ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ይርከብ ኣሎ።

- **ሕርሻዊ ምህርቲ ብግቡእ ምእካብን ምኽዛንን፦** ቅድሚ ሕርሻዊ ምህርቲ ምእካብና ጽሬት ኣከባብን ሰራሕተኛታትን ብግቡእ ምክትታልን ምትግባርን፣ ድሕሪ ምእካቦም ድማ ኣብ ዘዕቀብሉ ሙቐትን ዛሕልን ብግቡእ ክኽዘን ኣሎዎም። ንኣብነት ምህርቲ ጸባ ኣብ እንእክበሉ ንጽህንኡ ዝተሓለወ ቦታ መሕለቢን ግቡእ ኣገባብ ሕልቦን (ጽሬት ላም፡ መሕለቢ ማሽንን ሰራሕተኛን) ብግቡእ ምዝውታር። ጸባ ድሕሪ ምሕላብና ቀልጢፍና ኣብ 2-8 ዲግሪ ሰንቲግረድ ክንዕቅቦ ይግባእ። ምኽንያቱ ጸባ ካብ ላም ክወጽእ ከሎ ንባክተርያ ንኽራባሕ ዝምሸእ ሙቐት ስለ ዘሎዎ።

- **ብቑዕ ኣገባብ ምጕዕዓዝ ሕርሻዊ ምህርቲ፦** መጓዓዝያ ንምህርቲ ሕርሻ ተባሂለን ዝተሰርሓ ክኾና ኣለወን። ኣብ ካልእ መዓላ ክንጥቀመለን ኣይግባእን። ምኽንያቱ ምህርቲ ንስግረ ብከላ ክቃላዕ ስለዝኽእል። ኣብ ግዜ ምጕዕዓዝ እቲ ዝድለ ሙቐትን ዛሕልን ሓልዩ፡ ብፍላይ ቀልጢፉም ዝበላሸዉ ከም ኣሕምልቲን ጸባን ምስ ካልኦት ፍርያት ብዘይምትሕውዋስ ክጕዓዝ ይግባእ። ቅድምን ድሕርን መጓዓዝያ ምጥቃምና፡ መሳርሒ መጕዓዝያ ብግቡእ ክጸሪ ኣለዎ።

### ንጽህና ኣብ ኣመሰራሕቲ ትካላት መግቢ

ኣብ ትካል ምምስራሕ መግቢ፡ ምስ ንጽህና ዝተኣሳሰሩ ኣመሰራሕቲ መግቢ ከማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት ቀኑዕ ኣገባብ ምምስራሕ መግቢ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ምምራጽ ቦታ ትካል መመስርሒ መግቢ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ብዘውጽኦም ረቛሒታት ግምገማ ድሕሪ ምግባር ክምረጽ ይግባእ። ቦታ ትካል ክምረጽ እንከሎ ካብ ምንጪ ብከላ ዝኾኑ ነገራት፡ ማለት ረሳሕ ማይ ዝሓልፈሉ ከባቢ፡ ካብ ዓበይቲ ስነ-ቀመማት ዘፍርያ ትካላት፡ ስፍራ እንስሳታት፡ ውሑጅ ዝሓልፈሉ ቦታ፡ መራብሒ ሓሳኺ፡ ሓሸራታት፡ ኣናጹ፡ ደማሙ፡ ኣኻልብ፡ ኣዕዋፍን ምቑእ ዝኾነ ቦታ፡ ካብ ህዝቢ ዝነብረሉ ገዛውቲ ከምኡ'ውን ካብ ዘይለዓሉ ደረቕን ፈሳስን ጕሓፍ ዝእከብሉ ርሒቑ ክድኰን ይግባእ። ብኻልእ ወገን ድማ፡ ትካል መመስርሒ መግቢ ከማልኦም ዘለዎ መሳለጥያታት ቀረብ ጽሬቱ ዝሓለወ ማይ፡ ኤለክትሪክ፡ ብዝተኻእለ መጠን ድማ ብቑዕ መስመር ጽርግያ ክህልዎ ይግባእ።

- ንድፊ ትካል መመስርሒ መግቢ ካብ በከልቲ ነገራት (ዶሮና፡ ባልዓት) ዝከላኸል ክኸውን ኣሎዎ። ንንጥፈታት ንጽህና ብዝጥዕምን ስግረ ብከላ ዝከላኸልን ኣገባብ ክህነጽ ከምኡ ድማ እኹል ስፍሓት ሃልዩዎ ንኹሉ ዝካየድ ንጥፈታት ኣብ ነንሕድሕዱ ዘይራኸብ ኰይኑ ብውሑዱ ሰለስተ ክፍልታት (መቐበሊ ጥረ ነገራት፡ መመስርሕን መኽዘን ውዱእ ምህርትን) ዝሓቍፍ ክኸውን ኣለዎ።

- መሳርሒታት ካብ ዘይምርቱን ዘይምርዙን ነገራት ዝተሰርሑን ከምኡ'ውን ብቐሊሉ ዝጸርዩን ዘመኽኑን ክኾኑ ኣለዎም። ንጥፈታት ጽሬትን ጽገናን ንምክያድ መታን ክጥዕም ካብ መንደቕ (30-50 ሰንቲ ሜተር) ፍንትት ኢሎም ክጋጣጠሙ ይግባእ።

- ትካልን መሳሪሒታትን ብግቡእ ክጸርዩ ኣለዎም። ኣገባብ መስርሕ ጽሬት ጠንቂ ብከላ ንዝኾኑ ተረፍ-መረፍን ካልእ ርስሓትን ዝኣሊ ክኸውን ይግባእ። ንጽሬት ዘገልግሉ ነገራት መምከኒ ባእታታት ምስቲ ዝዳሎ መግቢ ዝቃደዉን ኣብ ትግባረ በቲ መምርሒ ዓቐን ዝተበጽበጹ ምዃኖምን ኵሉ ጊዜ ምርግጋጽ።

- ኣብ ምምስራሕ መግቢ ዝነጥፉ ሰራሕተኛታት ካብ በከልቲ ሕማማት፡ ኣብነት ከም ወይቦ፡ ውጽኣት፡ ቁስሊ ወይ ነድሪ ቀርበት፡ ተምላስ፡ ዓባይ ሰዓል፡ ውሸጣዊ ባልዓትን ነጻ ክኾኑ ይግባእ። ከምኡ'ውን ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ነፍሲ ወከፍ 3 - 4 ወርሒ ናይ ጥዕና መረጋገጺ ምስክር ወረቐት ሰራሕተኛታት ክሕደስ ኣለዎ። ንጽህና ሰራሕተኛታት ንምሕላው ከም መሸፈኒ ጸጕሪ ርእሲ፡ ኣፍን ኣፍንጫን፡ በጃ ኽዳን፡ ጓንቲ፡ ግርምብያለ፡ ሳእኒ/ቡት ኵሉ ግዜ ኣብ እዋን ስራሕ ክውደዩ ይግባእ።

- ከም ኣዕዋፍ፡ ሓሸራ፡ ለመምታ፡ ደማሙ፡ ኣናጹን ኣኻልብን ኣብ ኵሉ መስርሕ ንጥፈታት መግቢ ብከላ ከየስዕቡ ግቡእ ቍጽጽር ክግበሮሎም ይግባእ።

### ተራ ኣህለኽቲ መግቢ ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ

ኣህለኽቲ ኣብ መወዳእታ መስርሕ ሰንሰለት መግቢ፡ ድሕነት መግቢ ንምርግጋጽ ዓቢ ተራ ዝጻወቱ ኣካላት'ዮም። ስለዚ ብዕቱብ ከተግብርዎም ዘለዎም ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ ይመስሉ፦

- ኣብ መዐሸጊ መግቢ ዝልጠፍ ሓበሬታ ወይ ሕላገት ብግቡእ ምስትውዓል። ንኣብነት ዕለት ተጠቃምነቱ ዝሓለፎ ምስ ዝኸውን ቀልጢፍካ ንዝምልከቶ ምሕባር።
- ዝኾነ ንድሕነት መግቢ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ነገራት ምስ ዝትግበር ቀልጢፍካ ንፖሊስ ወይ ንዝምልከቶ ኣካል ምሕባር።

### ተራ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ

ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ድሕነት መግቢ ንምርግጋጽ ምስ ኵሎም መሻርኽቲ ኣካላት ብምትሕብባር፡ ድሕነት መግቢ ካብ ቦታ ሕርሻ ክሳብ ተጠቃማይ ዝበጽሕ ሰንሰለት ንምርግጋጽ ሓያል ጻዓሪ ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን። ኣፍልጦ ሓረስቶትን ኣመስራሕቲ ትካላትን ንምዕባይ፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ “ድሕነት መግቢ ናይ ኩሉ ሓላፍነት'ዩ” ብዝብል መትከል ንምትግባር ድማ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ኣሎ።



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662/ 07620609 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## መሕለፊ ግዜ

### ሳዕቤን ዘይተጸምደ ኣእምሮ

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ ኣእምሮና ብሓሳብ ካብ ህሉው፡ ናብ ሕሉፍ ወይ መጻኢ ናይ ምጓዓዝ ክእለት ከም ዘለዎ ገሊጽና ኔርና። እዚ ክእለት ግዜን ቦታን ፈሊና ምስ እነመሓድሮ ኸኣ ዝሓሸ ውሳኔታትን ውጥናትን ክንገብር ሓጋዚ ይኸውን። ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ስራሕ ወይ ስራሕና ምስ ወዳእና፡ ሓጺር ዕረፍቲ ምውሳድ ኣብ ብልሒ ኣእምሮና እወታዊ ተራ ከም ዘለዎ ገሊጽና ኔርና። ኣብዚ ካልኣይ ክፋል ከኣ፡ እቲ ብዘይ መደብ ንነዊሕ ሰዓታት ብሓሳብ ንገብሮ ምኹብላል ከኸትሎ ዝኽእል ኣሉታዊ ሳዕቤን ክንርኢ ኢና።

ምስጋል፡ ኣእምሮና ናብ ሕሉፍ ወይ መጻኢ ብምኻድ፡ ምስ ህሉው ኩነት ብቐልቢ ከም ዘይነጥፍ ዝገበር ኩነተ-ኣእምሮ እዩ። ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዝህልዎ ሳዕቤን ከኣ ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮ ንኽእል። እቲ ቀዳማይ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝርኣይ ምልክታት ኮይኑ ብኣግኡ ክንፍውሶ ንኽእል እዩ። እቲ ካልኣይ ግን ኣብ ነዊሕ ግዜ ተዋህሊሉ ዝመጽእ ኮይኑ፡ ኣብ ውልቀሰብ ይኹን ሕብረተሰብ ኣዝዩ ከቢድ ጉድኣት ዘኸትል ሳዕቤን ኣለዎ። ኣብ ሓጺር ግዜ ዝረኣይ ሳዕቤን፡ ኣእምሮና ካብ ናይ ስምዒት ህዋሳትና ዝቕበሎ መልእኽቲ ወይ ሓበሬታ ብግቡእ ከቕልብ ብዘይ ምኽኣሉ ሓበሬታን ትምህርትን ከም ዝሓልፈና ይኸውን። ሓንጎልና፡ ኣብ ክንዲ ኣብቲ ሒዝናዮ ዘለና ዕዮ ዘስተብህል ኣብ ካልእ እንተ ሃልዩ፡ ጌጋ ናይ ምፍጻም ልዑል ተኽእሎ ይህልዎ። ብመንጽር እቲ ንዓዮ ዘለና ዕዮ ኸኣ ኣብ ቀሊል ወይ ከቢድ ሓደጋ ክንወድቕ ንኽእል። ብተወሳኺ ብዘይ ዝኾነ ንጥፈት ብርቱዕ ድኻም ንኽስመዓናን ክስልችወናን ይጸሉ። ዘበዛሕና ኣካላዊ ሃልኪ ዘለዎ እምበር፡ እቲ ብኣእምሮ ዝግበር ናይ ሓሳብ ንጥፈታት ብዙሕ ጸዓት ዘወስድ ኣይመስለናን እዩ። ሓንጎል ካብ ምሉእ ኣካላትና 2% ጥራይ እዩ ሒዙ ዝርከብ፣ እንተኾነ 20% ናይቲ ነህልኾ ጸዓት እዩ ዘህልኽ። ስለዚ፡ ዋላ ኮፍ ኢልና ንውዓል፡ ሓንጎልና ፈቐድኡ ክኹልል እንተ ውዒሉ፡ ካብቲ ዓጺድ ዘወዓለ ሓረስታይ ዘይሰንፍ ድኻም ክስመዓና ይኽእል።

ቦዘኔ ኣእምሮ፡ ዝጸንሑና እወታዊ ልምድታትን ክብሕጉግን ናብ ገበናዊ ባህርያት ከቃልዓናን ይኽእል። ብፍላይ ኣብ ግዜ ኩትትና፡ ነቲ ምስ ዕድመ ዝመጽእ ኣካላዊ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ለውጥታት፡ ነጻ ግዜ ብብዝሒ ምስ ዝውሰኾ ናብ ሓደጋ ከቃልዖም ይኽእል። ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝዓቢ 'ኩሉ ናይ ምፍታን ባህሪ' ምስ ትሑት ናይ ምውሳን ብቕዓት ተደሚሩ፡ ዝጸምዶም ንጥፈት ምስ ዘይረኽቡ ናብ ገበን ክምርሑ ልዑል ተኽእሎ ኣሎዎም። ብዙሕ ትርፊ ግዜ ዝረኸቡ ቈልዑን ኮተቴን በቲ ኩሉ ናይ ምፍታን ባህጎም ናብ ሓደጋ ከቃልዖም ከሎ፡ ንእኹላት ሰባት ከኣ ኣብ ሕሜት ክጸመዶም ይረኣ። ጽልዋ ሕሜት ኣብ ሕብረተሰብ ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን። ኩሉ ዓይነት ዝምድናታት፡ ሓድነት ስድራቤታትን ሕብረተሰብን ከዕኑ ዝኽእል ሓይሊ ኣለዎ። ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ክንዲ ዝደልደለ ክብርታት ይደልድል፡ ሰባት ኣብ ስራሕ ምስ ዘይጽመዱ ካብ ሕማቕ ልምድታት ክገትኦም ዝኽእል ሓይሊ ኣይርከብን። ንብዙሕ ግዜ ኮፍ ኢልና ወይ ልኡማት ኴንና ብሓሳብ ጥራይ ክንገይሽ ግዜና ነሕልፍ እንተ ኼንና፡ ትህኪትን ምስልቻውን ከነዕቢ ንኽእል። እዚ ንጡፍ ህይወት ዝጻባእ ልምድታት፡ ነቲ ዝጸንሓና እወታዊ ባህርያት (ተበግሶ ምውሳድ፡ ሓላፍነት ሕብረተሰብ ምስካም፡ ህርኩትነትን ካልኦት ምስጉናት ልምድታትን) ከም ዝጠፍኡ ክገብር ይኽእል። ትህኪት ብምዕባይ'ውን ኣቋራጭ መንገድታት ንምንዳይ፡ ንምትላል፡ ንስርቅን ካልእን ከስፋሕፍሕ ምቹእ ባይታ ይፈጥር።

ሳዕቤናት ቦዘኔ ኣእምሮ፡ ኣብ ባህርያት ጥራይ ከይተሓጽረ ኣብ ጥዕናና'ውን ኣሉታዊ ጽልዋ ብምሕዳር ብርክት ዝበሉ ሕማማት ስነ-ኣእምሮ ከኸትለልና ይኽእል። ብ2011 ናይ ሃርቨርድ ተመራመርቲ ማቲው ኪሊንግዎርዝን ዳኒኤል ጊልበርትን ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ብወዝቢ ዝተመርጹ 2250 ሰባት፡ እንታይ ክገብሩ ከም ዝውዕሉ፡ እንታይ ከም ዝስምዖም፡ ብዛዕባ ዝሰርሕዎ ዶ ይሓስቡ ወይስ ብዛዕባ ካልእ ከም ዝሕተቱ ተገብረ። 47 ሚእታዊት፡ ዘካይድዎ ንጥፈታት ብዘየገድስ ኣእምሮኦም ብሓሳብ ክገይሽ ከሎ፡ ጽቡቕ ከም ዘይስምዖምን ከም ዝጭነቑን ገሊጾም። ኩልና ከም እንዝክሮ፡ ኣብ ግዜ ለበዳ ቫይረስ ኮረና ዝነበረ ዓለም ለኻዊ ናይ ዕጻዋ ስጉምቲ፡ ብዙሕ ናይ ኣእምሮ ጸገማት ክፈጥር ክኢሉ እዩ። ኣብ ዝረኸብናዮ ግዜ ጽቡቕ ስምዒት ዘይህበና ሓሳብ ነሰላስል ምስ እንውዕል፡ ኣእምሮና ነቲ ባዕልና ንፈጥሮ ሓሳብ ወይ ዛንታ ክኣምኖ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ሓንጎልና እቲ ብሓሙሽተ ናይ ስምዒት ህዋሳትና ዝመጽኦ ሓበሬታን እቲ ባዕልና ኣሰላሲልና እነመስርሖ ሓበሬታን ፈላልዩ ክርእዮ ኣይክእልን ስለዝኾነ። ውጽኢት ስራሕና ሕማቕ ምስ ዝኸውን፡ በቲ ንረኽቦ ውጽኢት ክንርድኦ ንኽእል ኢና። ውጽኢት ስራሕና ጽቡቕ እንክነሱ፡ ኣብ ርእስና 'ሕማቕ እዩ' ኢልና ምስ እንሓስብ ግን ሓንጎልና 'ሕማቕ እዩ' ኢሉ ክድምድም ይኽእል። ኣብ ትርፊ ግዜና ዝሕሰብ ኣሉታዊ ሓሳብ፡ ኣሉታዊ ስምዒት ካብ ምፍጣር ሓሊፉ፡ ኣብ ርእሰ-ተኣማምነትናን መንነትናን ኣሉታዊ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል። ቦዘኔ ኣእምሮ፡ ብዝለዓለ ትህኪት ከነዕቢ ስለዝገብር፡ ጥዕናን ኣብ ክንኣልየሉ ዘይንኽእል ደረጃ ከብጽሓና ይኽእል። ጉድኒ ጉድኒ'ዚ ከም መሕለፊ ግዜ ኢልና ንገብሮም ንጥፈታት ብኣድህቦ ምስ ዘይምረጹ፡ ንጥዕና ጉዳእቲ ወልፍታት ከነዕቢ ዝደፋፍኡ ኮይኖም ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ግዜ'ዚ 'ሰልችዩኒ ክዘንጋዕ ናብ ቤት መዘክር ከይደ፡' 'ሰልችዩኒ ናብ ቤት ንባብ ከይደ፡' ዝብል ሰብ ብዙሕ ኣይንሰምዕን ኢና። እንተስ ብምርጫና እንተስ ዝስሕቡ ኣማራጺታት ስኢንና፡ ዝበዝሐ መሕለፊ ግዜ ተባሂሉ ዝግበር ንጥፈታት፡ ካብ ዘለዎም እወታዊ ጽልዋ ኣሉታዊ ጉድኖም ከም ዝዛይድ ኣይከሓድን።

ኣእምሮና ንበይኑ ክዛውን ምግዳፍ ከስዕቦ ዝኽእል ዝዓበየ ጉድኣት ግን፡ እቲ ሓንጎልና ዘለዎ ተፈጥሮኣዊናይ ተመጣጥነት ብቕዓት ከም ዝጣኽን ይገብር ምኳኑ እዩ።

#### ብኽነት ብቕዓትን ክእለትን

ቦዘኔ ኣእምሮ ካብ ከኸትሎ ዝኽእል ጉድኣት፡ እቲ ብዝለዓለ ዝሰራዕ 'ብኽነት ብቕዓት' እዩ። ሓንጎል ሰብ ናይ ተመጣጥነት ባህርያት ብምውናኑ፡ ብዙሕ ጥበብን ብልሓትን ክንመሃርን ክንዓጥቕን የኽእለና። እዚ ግን ቀጻሊ ኣብ መስርሕ ትምህርትን ንጥፈትን ምስ እንህሉ ጥራይ እዩ ክርከብ ዝኽእል። መሰረታዊ ትምህርቲ ኮምፕዩተር፡ ምምራሕ መኪና፡ ቋንቋ፡ ምንቅስቓስ ኣካላት (ከም ኣክሮባት) ... ኣብ ገለ ግዜ ተማሂርናዮ፡ ግን ከኣ ብግቡእ ብዘይ ምልምማድና ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ዝጠፍኡ ካብ ተመኩሮና ክንውክስ ንኽእል ኢና። ተመጣጥነት ሓንጎልና ካብ ንኡስና ጀሚርና ከነለማምዶ፡ ሓደሽቲ ጥበባት ክንምህሮን ብተደጋጋሚ ክንዓየሉን ምስ ዘይንኽእል፡ በቲ ዘለዎ ዓቕን ጥራይ እዩ ዝቕጽል። ስለዚ፡ ኣእምሮና ቀጻሊ ክዛውን ምግዳፍ፡ ንዘለና ተፈጥሮኣዊ ብቕዓት ተመጣጥነት ናይ ሓንጎል ብላሽ ክኸውን ይፈርድ። እቲ ዝበኣሰ ግን ነቲ ዝጸንሓና ጥበባትን ብቕዓትን'ውን ከም ፍልሖ ናይ ምብላዕ ሓይሊ ኣለዎ ምኳኑ እዩ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብዙሕ ትርፊ ግዜ ኣብ ሰርሕተኛታትን ፍርያምነትን ዘለዎ ጽልዋ ንምጽናዕ ሸዱሽተ ምርምራት ተኻይዱ ነይሩ። ካብቲ ዝተረኽበ ውጽኢት፤

1- ብዘይ ስራሕ ዝሓልፍ ግዜ፡ ኣብ ኩሉ ምድብ ስራሕ ከም ዘሎ፣

2- ኣስራሕቲ ብዘይ ስራሕ ንዝሓለፈ ግዜ ብሓርፋፍ 100 ቢልዮን ዶላር ንሰራሕተኛታቶም ከም ዝኸፍሉ፣

3- ሰራሕተኛታት ድሕሪ ስራሕ ምዝዛሞም ትርፊ ግዜ ኣለና ኢሎም ምስ ዝሓስቡ፡ ኣብ ስራሕ ቅልጣፈኦም ከም ዝንኪ፡ እዚ ኸኣ ነቲ ሓደ ስራሕ ንምዝዛም ዘድልዮም ዝነበረ ግዜ ከም ዝውስኽ ይገብሮ።

#### ምድኻም ናይ ምዝካር ክእለት

ምዱብን ዝተመጣጠነን ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣኣምሮና ከሳላስል ዕድል ብምፍጣር ክንዝክር ከም ዝሕግዝ ገሊጽና ኔርና። ብዘይ መደብ ንነዊሕ ግዜ ኮፍ ኢልና ምሕሳብ ግን ናይ ምዝካር ብቕዓትና የዳኽሞ እዩ። ኣእምሮና ከስግል ከሎ ኣዕሪፉ ዘይኮነ፡ ኣብ ካልእ ንዓና ዘይርድኣና ስራሕ እዩ ተጸሚዱ ዝርከብ። ስለዚ፡ ብሓሳብ ዝደኸመ ኣእምሮ ክዝክር ዘለዎ ተኽእሎ ትሑት እዩ። ናይ ስምዒት ህዋሳትና ሓበሬታ ኣብ ዝእክበሉ ግዜ፡ ኣእምሮና፡ እንተስ ብድኻም እንተስ ኣድህቡኡ ብምስራቑ፡ ምስ ቀልቡ ምስ ዘይህሉ ድሒሩ ክዝክር ኣጸጋሚ ይኸውን። ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ምስ እነስተብህል፡ ኣእምሮና ካልእ እናሓሰበ ዘቐመጥናዮ ንብረት ክንዝክር ኣመና ኢና ንሽገር። እዞም ቀለልቲ ዝመስሉ ተርእዮታት፡ ምስ ምንዋሕ ግዜ ኣብ መዓታዊ ንጥፈታትና ጸገማት ከስዕቡ ምስ ጀመሩ ጸቕጢ ኣእምሮ ክፈጥሩልና ይኽእሉ። ቦዘኔ ኣእምሮ፡ ብቕጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምስ ሕማም ረሲዕ ዝምድና ከም ዘለዎ'ውን ይሕበር እዩ። ናብዚ መደምደምታ ዘብጸሐ ነጥቢ፡ እቲ ኣብ ግዜ ዕቤትና ጥራይ ዝርአ ሓማም ረሲዕ፡ ካብቶም ንጡፍ ህይወት ዝነበሮም ነቶም ዘይንጡፍ ህይወት ዝነበሮም ዝያዳ ቀዲሙ ከም ዘጥቅዕ ስለዝተፈልጠ እዩ።

#### ምጉዳል ብልሒ ኣእምሮ

ዘበዝሐ ግዜና ኣብ ብሓሳብ ምጋሽ ነሕልፎ እንተ ኼንና፡ ኣእምሮና ካብ ሓደ ጉዳይ ናብ ካልእ እናተናጠረ ምሕሳብ ስለዝለምድ፡ ትሑት ናይ ኣድህቦ ክእለት ይህልወና። ስለዚ፡ እቲ ብንጹር ክንሓስብን ግድላት ክንፈትሕን ዘድልየና ሓያል ኣድህቦ፡ ብኣሉታ ክጽሎ ይኽእል። ስራሕ ኣብ ዝወሃበና ግዜ ኣእምሮና ብቐሊሉ ክስረቕ ስለዝኽእል፡ ነቲ ዘሎ ኩነታት ክንርድኦ ኣሸጋሪ ይኸውን። ቦዘኔ ኣእምሮ ካብ ንጥፈት ተኣልዩ ስለዝጸንሕ፡ ንጡፍ ሕሳብን ሓሳባትን ዘጠቓልል ናይ ኣእምሮ ዕዮ ክኸብዶ ወይ ክሰልችዎ ይኽእል። ኣእምሮና ጭዋዳ እዩ፣ ካብ ንጥፈት ንብዙሕ ግዜ ምስ ዝእለ፡ ተዓጻጻፊነቱ ኣጥፊኡ ዓጺቕን ዘይተቐባልን ክኸውን ይኽእል።

እሞ ኣብ ትርፊ ግዜና ደኣ እንታይ ተገብርና ይሓይሽ? ካብዚ ክልተ ክፋል ዝኸደ ጽሑፍ፡ ኣእምሮና ካብ ንጥፈት ደው ክብል ከም ዘይክእልን ባዕልና ንጥፈት እንተ ዘይመዲብናሉ ኸኣ ባዕሉ ናይ ምዛዋን ባህሪ ከም ዘለዎ ርኢና ኣለና። መሕለፊ ግዜ ኢልና እንገብሮም ንጥፈታት ልክዕ ከምቶም ካልኦት ኣገደስቲ ጉዳያት ህይወት ክንዓምም ከለና ዘወስድዎ ግዜ እዮም ዘወስዱ። ንመዘናግዒ፡ ንመሕሰቢ፡ ንሕሜት... ኢሉ ዝፈለ ግዜ የለን። ንኹሉ ዝጠቅምን ዘይጠቅምን ንጥፈት እንዓዩ ካብተን ዘለዋና 24 ሰዓታት ናይ መዓልቲ ኢና ንወስድ። ስለዚ፡ ንግሆ ካብ ድቃስና ምስ ተንሳእና ዝጀምር ክሳብ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ዝዝርጋሕ ጸማዲ ንጥፈታት ብኣድህቦ ክንምድብ የድሊ።







ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ካልኣይ ክፋል

ኣብ ክፍሊ ምስ ኣተኹ ብሓጐስ ክምስምስ በልኹ። እንተዀነ እቲ ዝገበርኩዎ ምምሕያሽ ኣይተረደኣንን። ድሕሪ እዛ መዓልቲ ኣብ ትምህርተይ ተገደስኩ። ጠባየይ ተመሓየሸ። ኣብ ክፍሊ ምርባሽን ምስ ተመሃሮ ምብኣስን ገደፍኩዎ። ንመምህራንነይ ከሐጉስ ወትሩ ክጽዕር ጀመርኩ።

መምህራንነይ፡ ጥራውዝቲ ተመሃሮ ካብን ናብን ቤት ጽሕፈት መምህራን ከብጽሑ፡ ኣብ ክፍሊ ሰሌዳ ክምልስ ዕድል ክህባኒ ጀመሩ። እታ ክሰምዓ ደስ ዘይትብለኒ፡ ‘ኣድጊ’ እትብል ቃል ብኡ ኣቢላ ጠፍኣት። ‘ንፋዕ’ ክበሃል ጀመርኩ። በዚ ድማ ሞራለይ ክብ በለ።

ውጽኢተይ ካብቲ ዝነበሮ ተመሓየሸ። እዛ ዓመት ብዘዕግብ ውጽኢት ዛዘምኩዋ። ተርታይ’ውን ካብቲ ዝነበሮ ንዓሰርተ ተመሃሮ ቀደምኩ።


ናይ መምህረይ ፍቕሪ እናዘከርኩ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ብጽቡቕ ውጽኢት ዛዚመ ናብ ሳዋ ከድኩ። ካብ ሳዋ ድማ ኣርባዕተ ምሉእ ነጥቢ ሒዘ ተመለስኩ። እዚ ኩሉ ዓወት ድማ ሳላ መምህር ሰናይት ምዃኑ እየ ዝኣምን።

ሓደ መዓልቲ፡ ንመምህር ሰናይት ክረኽባ ናብታ ናይ መባእታ ቤት ትምህርተይ ከድኩ። ንመምህር ሰናይት ኣብ ማዕዶ ርኣኩዋ።

# መምህረይ　ዛንታ

“መምህር ሰናይት፡” ብምባል ተዳህኹዋ።

መምህር ሰናይት ኣብቲ ዝነበረቶ ቈይማ ጸንሐትኒ። ምስ ቀረብኩዋ ስመይ ጸዊዓ ሰላም በለትኒ። ዕቤት ወሲኻ እምበር ከም ቀደማ ነይራ። ቅሩብ ግን ኣሪጋ።



“ከመይ ኣለኻ፧ ትምህርቲኸ ትነፍዕ ኣለኻዶ፧” ብምባል ብፍሕሹው ገጽ ተቐበለትኒ።

“እወ እነፍዕ ኣለኹ። ዝሓለፈ ሰሙን እየ ካብ ሳዋ መጺአ፡” ነተን ኣብ ቅድሚት ጸጕራ ዝነበራ ስቤት እናጠመትኩ ተዛረብኩዋ።

“እንቋዕ ድሓን መጻእካ ድሮ ሳዋ በጺሕካ መጺእካ ዋይ እዚ ግዜ!” ክምስታ ኣሰንያ ተዛረበትኒ።

“እወ በጺሐ መጺአ። ክትሕጐሳ ድማ ነጥቢ ኣምጺአ ኣለኹ። ክትሕጐሳ እየ ክነግረክን መጺአ፡” ክምስ በልኩዋ።

“ዋው!! ኣዝዩ ደስ ዘብል ዜና እዩ። ክንደይ ኣምጺእካ፧” ኣብ መንኩበይ እናሓዘት ተዛረበት።

“ምሉእ ኣርባዕተ ኣምጺአ፡” ክምስታ ኣሰንየ መለስኩላ።

“እንቋዕ ሓጐሰካ። ንዝጽዕር ዓወት ይግብኦ እዩ፡” ሓቑፋ ሰዓመትኒ።

“ሳላኽን እዩ መምህረይ፡” ሓጐሰይ ክቈጻጸር ይኽእል ኣይነበርኩን። ኣብ ውሽጠይ ክንዲ ምንታይ ቦታ ኣለዋ እንተትፈልጥ ደስ ምበለኒ። ግን ከመይ ገይራ ናይ ውሽጠይ ክትፈልጦ።

“ኣነ ድኣ ዘይ-ግቡኣይ እየ ገይረ። ዝገበርኩዎ ዘይብለይ። ሳላ ዝጸዓርካ ኢኻ ተዓዊትካ፡” ምቕልል ኢላ ተዛረበት።

“ትዝክርኦ’ዶ ሓደ ግዜ ምስ ካልኣየይ ናብ ርእሰ መምህር ወሲድክን፡ ‘እዞም ተመሃሮ ስለዝተመሓየሹ ሸልሞም’ ክትብልኦ፧”

“ጽቡቕ ገይረ እዝክሮ፡” ብፍቕሪ ጠመተትኒ።

“ሽዑ እንታይ ለውጢ ስለዝገበርኩ ክሸለም ደሊኽናኒ፡ እታ መዓልቲ ካብ ኣእምሮይ ፈጺመ ኣይርስዓን’የ። ነዊሕ ዓመታት ክረኽበክን እናበልኩ ሓሊፉ። ሽዑ ግዜ እንታይ ፍሉይ ነገር እየ ገይረ። ንዓይ ክሳብ ሕጂ ኣይተረድኣንን። ኣብቲ ግዜቲ ዝገበርኩዎ ለውጢ ኣይነበረን፡”

ይቕጽል

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ 5 ጥቅምቲ መዓልቲ መምህራን እዩ። ስለዚ ንመምህራንኩም ብደብዳቤ ወይ ብቓል፡ ‘እንቋዕ ናብ መዓልቲ መምህራን ኣብጽሓኩም፧’ ብምባል ኣመስግንዎም!!

# ዕላል ምስ ከዋኽብቲ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 2023-24

## ካልኣይ ክፋል



### 1. ምስ ኑብሽኪ ክተላልዩና፧

ስመይ ፍናት ኣስፍሃ ተስፋጊርግሽ እበሃል። ብ8 ለካቲት 2009 ካብ ኣቦይ ኣስፍሃ ተስፋጊርግሽ ካብ ኣደይ ፍረወይኒ ከፈላ ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊደ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ድማ እምሃር። ሕጂ ናብ ታሽዓይ ክፍሊ ሓሊፈ ኣለኹ።

### 2. ኣበዩናት ኣብያተ ትምህርቲ ተማሂርኪ፧ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ጀሚርካ ውጽኢትኪ እንታይ ይመስል፧

መዋእለ ህጻናትን መባእታን ኣብ እንዳ ጥልያን፡ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ተማሂረ። ናይ ትምህርቲ ውጽኢተይ ድማ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓሙሻይ ጽቡቕ ነይሩ። እንተዀነ ብልጫ ኣይነበረን። ካብ ሻዱሻይ ክፍሊ ክሳብ ሻሙናይ ክፍሊ ድማ ብልጫ እናወሰድኩ ኣብዚ በጺሐ።

### 3. ኣገባብ ኣጸናንዓኺን ኣጠቓቕማ ግዜኺን ከመይ ይመስል፧

ግዜይ ብግቡእ ኣመሓድር። መምህር ክገልጽ እንከሎ ብተገዳስነት እከታተል። ንኹለን ዓይነት ትምህርቲ ብማዕረ ርእየ ኣጽንዕ። መዓልታዊ ካብ መጽናዕቲ ቦኺረ ኣይፈልጥን።

### 4. ኣብ ትምህርቲ መን ይሕግዘኪ፧

ዝበዝሐ ባዕለይ እየ ዝቃለስ። እዚ ክበል እንከለኹ ግን ዝተሸገርኩዎ ወለደይ ብዓቕሞም የረድኡኒ እዮም።

### 5. ኣብ ጀነራል ክትዕወቲ ተወሳኺ ዘንበብክዮም መጽሓፍቲ ወይ ዝተማሃርክዮም ትምህርቲ እንተሎ፧

ናይ ጀነራል ሕቶታት ዝሓዘት ኣፕሊኬሽን እጥቀም ነይረ። ተወሳኺ ድማ ናይ ቅድሚና ዝነበረ ሕቶታት ናይ ጀነራል ኣጽንዖ ነይረ። ብቤት ትምህርቲ ዝዳለዉ ሕቶታት ድማ ብግቡእ እምልስ ነይረ።

### 6. ውጽኢትኪ ብዓይነት ትምህርቲ ከመይ ይመስል፧ ምስ ትጽቢትኪ ከመይ ረኺብክዮ፧ ኣየነይቲ ዓይነት ትምህርቲ ከቢዳትኪ፧

ውጽኢተይ English 100፡ Social Studies 100 Science 100፡ Citizenship 100፡ Maths 100 ኣምጺአ። ገምጋመይ ድማ 100% እዩ። ሓቂ ዘረባ ልዕሊ ትጽቢተይ እየ ረኺበ። ልዕሊ 98% ከምጽእ ርጉጽ ገይረዮ ነይረ። 100% ግን ኣይተጸበኹን። ኣዝዩ ዕግበት እየ።

### 7. ምስጢር ዓወትኪ እንታይ እዩ፧

ምስጢር ዓወተይ ግዜ ብግቡእ ምጥቃምን ቀዳምነተይ ምፍላጥን እዩ።

### 8. ብዙሓት ንፉዓት ተማሃሮ ኣብ ግዜ መርመራ ብሰንኪ ፍርሒ ውጽኢቶም ይትሕት እዩ፧ ንተፈተንቲ ጀነራል እንታይ ክትብሉ ኣለኩም፧

ጀነራል ተራ ፈተና ምዃኑ ክፈልጡ ኣለዎም። ንጀነራል ኣካቢድካ ምርኣይ ሃጓፍ ስለዝኾነ ከም ናይ ዓሰርተ ፈተና ርእዮም እንተሰርሑ ዝሓሸ እዩ ክብሎም እደሊ።

### 9. ኣብ መጻኢ እንታይ ዓውዲ ክትጸንዒ ኢኺ፧ ስለምንታይ፧

ኣነ ክመሃሮ ዝደሊ ዓውዲ ኢንጂነሪን ኮይኑ ዝያዳ ኣብ ኣርክተክቸር ክመሃር እብህግ። ምኽንያቱ ካብ ንእሽቶይ እንከለኹ ዝተፈላለዩ ነገራት ምስራሕ ኣዝዩ እየ ዝፈቱ። ከምኡ’ውን ህንጻታት ኣዝዩ እየ ዘድንቖ።




### 10. ንተማሃሮ ዕዉታት ንኽኮኑ እተመሓላልፎ መልእኽቲ፧

ግዜኦም ብግቡእ ክጥቀምሉን መጽሓፍቲ ከንብቡን፣ ኩሉ ግዜ ዕዉታት ንኽኾኑ ኩሓልሙ እመኽሮም።

### 11. ኣብ መወዳእታ ኣብ ዓወትኪ ሓገዝ ዘበርክቱ ክተመስግንዮም እትደልዪ፧

መጀመርታ ወለደይ፡ ቀጺለ ኣሕዋተይ ብፍላይ ንማንታ ሓወይ ፍናን ኣብ ጀነራል 99% ዘምጽአ እዩ። ከምኡ’ውን ንመምህራነይን መሓዙተይን ብልቢ ኣመስግን።

* * * *



### 1. ምስ ኑብሽኻ ክተላልየና፧

ስመይ የናን ያቆብ መለስ እበሃል። ብ19 ለካቲት 2009 ካብ ኣቦይ ያቆብ መለስ፡ ኣደይ ደርግኣለም ሓየሎም ኣብ ኣስመራ ተወሊደ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓወት ድማ እመሃር።

### 2. ኣበዩናት ኣብያተ ትምህርቲ ተማሂርካ፧ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ጀሚርካ ውጽኢትካ እንታይ ይመስል፧

መዋእለ ህጻናት ኣብ ቤት ትምህርቲ ሳብሮን፡ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣማኑኤል ተማሂረ። ናይ ትምህርቲ ውጽኢተይ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ ተወዳዳሪ ኣይነበርኩን። ካብ ራብዓይ ክፍሊ ግን ካብ ክፍለይን ካብ ዩኒት ተወዳዳሪ እናኾንኩ መጺአ።

### 3. ኣገባብ ኣጸናንዓኻን ኣጠቓቕማ ግዜኻን ከመይ ይመስል፧

ትምህርቲ ተፈዲሰ ገዛ ምስ ተመለስኩ መጀመርታ እተን ዝተመሃርኩወን የጽንዕ። ብድሕሪኡ ድማ ኣብ ዝመጽእ እንመሃሮ እርእየ። እዚ ድማ መምህር ክገልጽ እንከሎ ብግቡእ እከታተል። ዝጻወተሉን ዘጽንዓሉን ግዜይ ድማ ሰሩዕ እዩ።

### 4. ኣብ ትምህርቲ መን ይሕግዘካ፧

ኣብ ትምህርቲ ወለደይ ይሕግዙኒ፣ ንትምህርቲ ዘድልየኒ ዘበለ ድማ ይቐርቡለይ።

### 5. ኣብ ጀነራል ክትዕወት ተወሳኺ ዘንበብካዮም መጽሓፍቲ ወይ ዝተማሃርካዮም ትምህርቲ እንተሎ፧

ተወሳኺ ዝተመሃርኩዎ የለን። ናይ ጀነራል ሕቶታት እንተረኺበ ይፍትኖ እየ። ተወሳኺ ድማ ብጹሓፍቲ ሃገርና ዝተጻሕፉ ንጀነራል ዝጠቕሙ እሰርሕ ነይረ።

### 6. ውጽኢትካ ብዓይነት ትምህርቲ ከመይ ይመስል፧ ምስ ትጽቢትካ ከመይ ረኺብካዮ፧ ኣየነይቲ ዓይነት ትምህርቲ ከቢዳትካ ነይራ፧

ውጽኢተይ English 100 Social Studies 100፡ Science 100፡ Citizenship 98፡ Maths 100 ኣምጺአ። ገምጋመይ ድማ 99.6% እዩ። ውጽኢተይ ልዕሊ ትጽቢተይ እዩ። ማሕበራዊ ትምህርቲ ቅሩብ በርቲዓትኒ ነይራ። ብውጽኢተይ ኣዝዩ ሕጉስ እየ።

### 7. ምስጢር ዓወትካ እንታይ እዩ፧

ምስጢር ዓወተይ ናይ ስድራይ ሓገዝ፡ ግዜይ ብግቡእ ምጥቃምን ኣበርቲዐ ምስራሕን እዩ።

### 8. ብዙሓት ንፉዓት ኣብ ግዜ መርመራ ብሰንኪ ፍርሒ ውጽኢቶም ይትሕት እዩ፧ ተፈተንቲ ጀነራል እንታይ ክትብሉ ኣለዎም፧

ሓቂ እዩ። ጀነራል ከቢድ ምዃኑ ኢና ንሓስብ። እንተዀነ ንዝጽዕር ተመሃራይ ቀሊል እዩ። ኣብ ግዜ ፈተና ተረጊኦም ክሰርሑ እምዕዶም።

### 9. ኣብ መጻኢ እንታይ ዓውዲ ክትጸንዕ ኢኻ፧ ስለምንታይ፧

ኣብ ፊዚክስ ልዑል ተገዳስነት ኣሎኒ። ፊዚክስ ተማሂረ ንሃገረይ ዓቢ ስራሕ ከበርክተላ ባህገይ እዩ።

### 10. ተመሃሮ ዕዉታት ንኽኮኑ እተመሓላልፎ መልእኽቲ፧

ተመሃሮ ትምህርቲ ከይተኣከበ ክጽንዑ ኣለዎም። ግዜኦም ብግቡእ ክጥቀሙን መካይድኦም ክለልዩን ኣለዎም።

### 11. ኣብ መወዳእታ ክተመስግኖም እትደሊ፧

ንወለደይ፡ ኣሕዋተይ፡ መምህራነይ፡ ንኹሎም መማህርተይን ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ብልቢ ከመስግኖም እደሊ።

ይቕጽል

ሓዳስ ኤርትራ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| Position: | Mine Surveyor |
| Department | Mine operation/ Survey |
| Number required | 01 |
| Location: | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| Reporting to: | Mine Chief Surveyor |
| Primary Responsibility & Scope of Work | To receive materials delivered to the site from suppliers to unload the goods safely as required. At the time of receipt of goods, confirm that the goods have been sent by the supplier based on the purchase order and check that they are delivered in good condition. To initiate purchase requests and to keep the inventory safe and tidy. |
| Duties: | - Responsible for maintaining an accurate plan of the mine as a whole and will update maps of the surface layout to account for surveying the open pit mine workings to keep a record of the mining operation.<br>- Collect data about landscape features for engineers, including the positioning of objects, land contours, and materials below the earth's surface.<br>- Measuring process to calculate ore production, in volume or mass units, from the mining operation.<br>- Survey the volume of the dumps of waste accumulating on the surface of the mining property.<br>- Different methods are used to gather data needed for construction, such as geo-mechanic and geo-matic surveys, geospatial measurements, and feasibility surveys.<br>- Prepare reports daily, weekly, and monthly for the senior surveyor.<br>- Advising engineers about earth's materials.<br>- Convert mine planning conceptual layouts into survey data.<br>- Execute surveying activities assigned by Senior Surveyor/Engineer to standard.<br>- Establish and conduct pit wall monitoring.<br>- Plan and coordinates surveying activities for underground and surface mining operations.<br>- Ensure compliance with safety regulations and standards of Zara Mining Share Company.<br>- Ensure alignment of the Underground Development and Stope rings are accurate with design. |
| Formal Education, Certifications or Equivalents | - Diploma in Surveying |
| Working Experience – Nature & Length | Relevant surveying experience in an open pit surface and Underground mining environment is required. |
| Other skills and abilities | -Knowledge about safety regulations.<br>-It is being able to manage time effectively.<br>-English Strong written and spoken communication.<br>-Problem-solving skills.<br>-Ability to analyze graphical data.<br>-Teamwork abilities.<br>-Computer literacy in Microsoft office word, Excel & power point programs.<br>-Knowledge about CAD & Surpac programs and surveying technology.<br>-Ability to prioritize effectively.<br>-Ability to work with high accuracy levels |

- Salary: according to the Company's salary scale.
- Place of work: Zara Mining Share Company Koka Gold Mine Zoba Gash Barka.

Additional Requirement for nationals: Having fulfilled their National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense—present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to: **Zara Mining Share Company P. O. Box 2393. Asmara,**

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: 7 days from the day of announcement.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብርሀት ኣብርሃ ሃብተሚካኤል፡ ኣዴና ለምለም ገብረሚካኤል ወልደየውሃንስ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ሰናይት ሃይለስላሴ ኣርኣያ፡ ኣቦይ ሃይለስላሴ ኣርኣያ ገብረመድህን ኣደይ ብርኽቲ ወ/ገብርኤል ተከኤን ስለዝዋረሩ፡ ንሕና 3 ደቆም ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ራኢ. ቤትሮማክስ ገብረኣብ ምባል ተሪፉ፡ ራኢ. ቤትሮማክስ ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ዳናይት ሙሉጌታ እምሩ ተኸሳሲ. ሙሴ ተኽለይ ተወልደመድህን፡ ንግኝ ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ኣሮግይት ብርሃ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ዳንኤል ተጠምቀ ሳህሉ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤፍ ይቕረብ፡፡

ለምለም ገብረወልድ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ሰዩም ክብርኣብ መንደር ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ. ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ራህዋ በየነ ቀለቱ፡ ተኸሳሲ. ዑቕባይ ማሰፍን ምሳዮኖ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኤልሳ ተኽለ ግርማይ፡ ብዓል ቤተይ እዮብ ተኽለ ዘራጽዮን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ.

ደሊና ቴድሮስ፡ ያፊት ቴድሮስ፡ ኣብሰሎም ቴድሮስ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገዛ ጥኑዳ ዝርከብ ካብ ዓብይና ፍ/ሄሪት ኣልጋሽ ተኽለ ዝበደረትልና ለዋ ይጽደቐልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ደርጋኣለም ብርሃ ገብረእየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ቴድሮስ ኣርኣያ ማሳሃን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

እልልታ ኣለምህ ታየ ትርፍ ምባል ተሪፉ፡ እልልታ ኣለም ታየ ታርፈ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ሰላም ኣለምህ ታየ ትርፍ ምባል ተሪፉ፡ ሰላም ኣለም ታየ ታርፈ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

የናስ ገብረኣብ ተስፋዝጊ፡ ኣዴና ስላስ ኣርኣያ ሃግሪያም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ራሄል ፍቓዱ ገ/መስቀል፡ ኣዴና ጽገ ባህልቢ. ኣድሓኖም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ሂወት ዘርእማርያም ክፍላይ ምባል ተሪፉ፡ ቅሳት ዘርእማርያም ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሩታ ተስፉ ዜና ገብርኤል፡ ተኸሳሲ. ኣርኣያ ጸጋይ ክፍለማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ሰመረኣብ ማሰፍን ክፍሉ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ገዞኢ. ገብረኣብ ዑቕባዝጊ፡ ኣቦሓጎይ ዑቕባዝጊ. ገዘህይ ገርዝሳ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ ኣሕዋተይን ኣሞታተይን ደቂ ኣሞታተይን ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተሚካኤል ገብራይ ገብረሚካኤል፡ ወለደይ ገብራይ ገብረሚካኤል ወልደገርግሽን ቅዱሳን ተስፋሚካኤል ጓንጉልን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/01/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣልማዝ ተሾመ በየኑ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ኣሮን ሃብተኣብ ዘርኡ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ግደይ ኣብራ ሓጎስ፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባሚካኤል ተኽሉ መሓሪ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ናባይት ማሰፍን ገብረዝጊ፡ ኣቦይ ማሰፍን ገብረዝጊ. ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ ንኣዴና ወ/ሮ ኣታይ ፍትዊ ተስፋጊዮርጊስ ከኣ ናይ መጸምዲ ማሳለ ይተሓለወላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ናባይት ማሰፍን ገብረዝጊ፡ ኣቦሓጎይ ገብረዝጊ. ሮሱሩን ዓዋይ ስላስ ነጋሲን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 5 ሓወቦታተይን 2 ኣሞታተይን ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወይኒ ጎይትኦም ሰዩም ምባል ተሪፉ፡ ዳናይት ጎይትኦም ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ፍጹምብርሃን ዑቕባሚካኤል ገብረ ምባል ተሪፉ፡ ሴም ዑቕባሚካኤል ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍረሰላም ጸጋይ ወልደብሩኽ ምባል ተሪፉ፡ የሴፍ ጸጋይ ወልደብሩኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ማርታ ክፍለም ዘርኣይ ምባል ተሪፉ፡ ማርታ ኤፍሬም ዘርኣይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኮኾብ ዓንደ ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ኮኾብ ዓንደብርሃን ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዐቑባ ተኽሊት፡ ስም ኣደይ ለተርፋኤል ወልደማርያም ኣብራ ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሄጌን ኣረጋይ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኮዋሊት ተስፋይ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ሰምሃር ተስፋይ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የናታን ኣማኒኤል ዓንደ ምባል ተሪፉ፡ የናታን ኣማኒኤል ዓንደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሮማን ገብረሂወት ነጋሽ፡ ተኸሳሲ. ገብረሚካኤል ተወልደ ወልደገብርኤል፡ ናይ ሓዳር ሰቪላዊ ጉዳይ ስለዘሎካ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ብስራት ጸጋይ ግደይ ምባል ተሪፉ፡ ኣርሴማ ጸጋይ ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቤትኤል ኣርኣያ ኪዳን ምባል ተሪፉ፡ ምሕረት ኣርኣያ ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፊሊሞን ኣብርሃም ምራጭ ምባል ተሪፉ፡ ኔሞሮድ ኣብርሃም ምራጭ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተስፋማርያም ክንፈ. ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ተማሰገን ክንፈ. ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጉዕሽ ዓብዪልቃድር ሙሳ ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ ዓብዪልቃድር ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ለምለም ገብረደስ ሞገስ፡ ተኸሳሲ. ወልደስላሴ ኣብርሃም ባህረ፡ ናይ ሓዳር ሰቪላዊ ጉዳይ ስለዘሎካሞ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ንግስቲ ፍትዊ ኣረጋይ ምባል ተሪፉ፡ ንግስቲ ፍትዊ ወልደኣረጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ የውሃንስ ሰለሙን ገብረሚካኤል፡ ኣቦይ ኣቶ ሰለሙን ገብረሚካኤል ወልደገርግስ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ማዕድን በርሀ መብራህቶም ምባል ተሪፉ፡ ኣድያም በርሀ መብራህቶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ዝኣምና ኣድሓኖም፡ ተኸሳሲ. ኣቶ የውሃንስ ዘርኣይ ባይሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣለም መለስ ተከኤ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ኣፈወርቂ ኣድሓኖም ተስፋገርግስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ማሕሙድ ሰራጅ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ መሓመድሰራጅ ኢብራሂም ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣበባ ዳይናም ምራጭ፡ ስም ወደይ ሳሚኤል ምባል ተሪፉ፡ ኮኾብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሰረቐ ጉዕሽ ኣስመሮም፡ ሓወይ ሮቤል ጉዕሽ ኣስመሮም ስለዝዋረረ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ወ/ሮ ማእከለሽ ሓደሽ፡ ተኸሳሲ. ተስፋሃንስ መሓረና፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ግርማዊት ሓጎስ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ግርማዊት ሓጎስ ሓየለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ገብረሂወት መሻሻ ወልደሊባኖስ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣዜብ ፍስሃ ገብረመድህን ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሮመዳን ኣሕመድ ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ ሮመዳን ኣሕመድ ሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ

ተጸዋዕቲ 1. ኣቶ ሙሉጌታ ፍቓዱ ተኽሉ 2. ኤልሳ ፍቓዱ ተኽሉ 3. ኣቶ ከሰተ ፍቓዱ ተኽሉ 4. ወ/ሮ ሄለን ፍቓዱ ተኽሉ 5. ወ/ሮ ኣስመረት ፍቓዱ ተኽሉ 6. ኣቶ ዳኒኤል ፍቓዱ ተኽሉ 7. ኣቶ ኣሸብር ፍቓዱ ተኽሉ 8. ወ/ሮ ገዘቸን ፍቓዱ ተኽሉ 9. ወራስቲ ነ/ሄር ክብራ ፍቓዱ ተኽሉ 9.1 ሰምረት መዝገበ 2. ሂወት መዝገበ 3. ኣብዲት መዝገበ ንዘቐረበሎም ምልክታ መልሲ. ንክትህቡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርኣ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ለገሰት ወልዳይ ፍስሃየ ምባል ተሪፉ፡ ርዳስ ወልዳይ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሳህለ ወልደሃይማኖት ዘርኣይ፡ ብዓልቲ ቤተይ ብርሃና ኣብርሃ ማህደር ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ወላዲና ርእሶም ፍስሃየ ወልዱ +4 ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከጠ/ዚፕ ኮድ ገዛ ጥኑዳ 1A192 ጎደና 192-5 ቁ.ገዛ 33 ፕሎት 16 ፓርሰል “H” ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:006068/1/ ብዕለት 07/09/2011 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ብውርሲ. ዝረኸብናዮ ገዛ፡ ናብ ስም ወራስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ. ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ. ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ሃና ርእሶም +2 ኣሕዋተይ

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ምላስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ሰምረት ኣሚን እምቑ ምጓል ተረፉ፡ ሳምራዊት ኣሚን እምቑ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ26/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰሲት ኣርሴማ ብርሃ፡ ተኸሳሲ በረኸት ሓየሎም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብሉ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕ24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቀረብ። እንተዘይቀሪብኩ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርኣ ምኳኑ ክፈልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ልኡል ሃይለ ገብረብርሃን ምጓል ተረፉ፡ ፋኑስ ሃይለ ገብረብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምዕራፍ ዑቕባየሱስ ዑቕባማርያም፡ ሓወይ ዘርኣ ዑቕባየሱስ ዑቕባማርያም፡ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራሲቱ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ የውሃንስ ወልደኣብ መሓሪ ብዓልቲ ቤተይ ለተንገሰ በርሀ ኪዳ ስለዝዕረፈት፡ ንዓይ ናይ መጀመርያ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ21/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ሽመንዲ ገብረመድህን ስባሁ፡ ምጓል ተረፉ፡ ክንፈ ገብረመድህን ስባሁ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ23/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ኣዜብ ሳህለ ጉብሳ ዝተበሃልኩ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ከተማ ዞባ 8 ምም 02 (ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ) ጉደና 214 ቁጽሪ ገዛ 42 ቁሎታ 78 ፓርቸላ ክፋል L ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 122271 መወከሲ ቁጽሪ 123843 ብስም ብዓል ቤተይ ኣፍ.ቀሺ ሃብተም ብስራት ገብረወልዲ ዝተመዝገበ ኦርጅናል ግዚያዊ ምስክር ወረቐት ናይ ኮምሽን ኣባይቲ ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ዝብል ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07132836 ክሕብረኒ። እንተዘይሮኮይኑ ድማ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ቅዳሕ ከውጽእ ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣዜብ ሳህለ ጉብሳ

---

ኣነ ኣቶ ኣታኽልቲ ኣረፋይነ ተስፋልደት +1 ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ፓራዳዞ ከባቢ መካነ ገዛት ፕሎት 17 ፓርሰል G ዚፕ ኮድ 1A123 ጎደና ወዳጅባ ቁጽሪ ገዛ 25 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM019051/0 ብዕለት 30/04/2024 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸልና ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለዝሸጥናዮ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ኣቶ ኣታኽልቲ ኣረፋይነ ተስፋልደት +1

---

ኣነ ኣቶ ተስፋማርያም በላይ መሓሪ ዋንነት ለተብርሃን ፍረ መሓሪ +3 ዝኾነ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብምስክር ወረቐት 122346 መወከሲ ቁ.141708 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምምምክባ ኣርባዕተ ኣስመራ ጎደና ደብረጨን ቁ.ገዛ 43 ዝርከብ መንበሪ ገዛ ብውህብቶ ተዋሂቡኒ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ካዳስተር የቕርብ።

ኣቶ ተስፋማርያም በላይ መሓሪ

---



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ እኖቕራ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ሮማ ገብረማስቀል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ መቓብር ብዓለእዝጊሄር ኣስመራ ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘን ከም ዝዓጸና ንሕብር።

ወዳ ኖህ ጸገዘኣብ ጉብሩ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ እኖቕራን ንፈትዋን ክብርቲ ኣዴና ወይዘሮ ሊድያ ሽርጃኒያ (ባር ሊድያ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩምና፣ ኣብ ዕረፍታ ድማ ኣብ ጸጸራት ብምኻድ ዘቃበርኩምና፣ ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ናይ ሓዘና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም፣ ካብ ወጻኢ ቴሌፎን ደዊልኩም ዘጸናናዕኩምና ኩልኹም ቤተሰብን ፈተውትን መሓዙትን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራ ቤት

---



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ብልቢ እንፈትዋ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ህድኣት ፍስሓ እልፉ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ዝበጻሕኩማ፡ ኣብ ዓዲ ሓጺና ን/ዞባ ዓረዛ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንዓጹ።

ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

---

ኣመልካቲት ጀሚላ ኑርሑሰን ዓብደላ ዝተበሃልኩ፡ ብህያብ ካብ ወደይ ሰማር ጣሀር ኢብራሂም ዝተዋህበኩዎ ብስሙ ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ዓይን ዝርከብ Plot 5 parsel H ዝኾነ፡ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRSMO19146 ብስም ሰማር ጣሀር ዝተመዝገበ ASD00027832 ASP0003165 ብዘሎ ክፍሊ 4 ሓገዝቲ 2 ዘጠቓልል ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤትጽሕፈት ኖታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ጀሚላ ኑርሑሰን

---


ብስም ተስፋይ ኣለማየሁ ኪዳ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00032584 ንASL00041019 ዝኾነ፡ ኣብ ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ኤዲት 172 ቁ.ገዛ 19A ዝርከብ ናይ ቤት ፒዝርያን በልያርዶን ትካለይ ንኣቶ የውሃንስ ገብረጊዮርጊስ ተኽለማርያም ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ኣልጌን ቁ.ገዛ 22 ካብ ዕለት 01/10/2024 ክሳብ ዕለት 01/10/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፈልጥ።

ተስፋይ ኣለማየሁ ኪዳ

---

## ብስራት ንተማሃሮ ኮለጅ

**ሓዳስ መጽሓፍ "ምስጢራዊት ዓወት ንተማሃሮ ኮለጅ" ዘርእስታ መጽሓፍ ተዳልያትልኩም ኣላ። ትርጉምን ምድላውን ብ መም ሚልካ መንግስትኣብ ።**




### ተሓ ቖፎም ዘለዉ ዛዕባታት

1.ኣካዳምያዊ ተመክሮ ናይ ካልኣይ ደረጃ ማለት (highschool) ምስ ኣካዳምያዊ ተመክሮ ናይ ኮለጅ ብኸመይ ይፈላለ ።

2.ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቅድሚ ንኮለጅ ምጽንባሮም ክሰተውዕልዎን ክርድእዋን ዘለዎም ሜላታት መጽናዕቲ

3.ኣገባብ ምምራጽ ዓውደ ትምህርቲ

4.ውጺኢታዊ ኣገባብ ኣጸናንዓ ብኸመይ ይጽናዕ

5.ኣብ ፈተና ክመጽእ ዝኽእሉ ሕቶታት ብኸመይ ነላልዮም

6.ብሉጽ ነጥቢ ብኸመይ ተመዝግብ

7.ብሉጻትን ኣገደስትን ምኽርታት :ንዕዉት ምዝዛም ናይ ትምህርቲ ግዜ ኣብ ኮለጅ

### ኣድራሻና

ኣብ ኩለን ቤተ መጻሕፍቲ (Stationery)፣ ኣብ ኣውገት ቡክ ሾው (book shop)ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።ንዝያዳ ሓበሬታ ብ ቁ.ስልኪ
1.07136405
2.07548454 ተወከሱ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኤርትራ፡ ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ንምስታፍ ናብ ኬንያ ከይዳ

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ካብ 09 ክሳብ 13 ጥቅምቲ ኣብ ኬንያ ከተማ ኤልዶረት ኣብ ዝካየድ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2024 ንምውድዳር ትማሊ ዓርቢ ምሸት ናብታ ሃገር ገይሻ።

እዛ ብኽልተኡ ጾታ እትውዳደር ጋንታ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ብዮናስ ዘኻርያስ እናተኣልየት፡ ኣብ ሰለስተ ምድብ/ካተጎሪ ክትውዳደር እያ። ኣብ ዓበይቲ ሚሮን ተሾመ፡ ናይ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ሻምፕዮን ናይ'ዚ ውድድር ዝኾነ ሄኖክ ምሉብርሃኑ፡ ናታን መድሃኔን ኑር ኣሕመድ ዓብደልወሃብን መሪጹ ኣሎ። ኣብ ትሕቲ 23 ዓመት ሚልክያስ ማእከሉ፡ ዳጸም ፍጹምብርሃኑ፡ ሄብሮን ብርሃነ ጳውሎስ ገብረሚካኤልን ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ማእከሎት (ጁንየር) ንተቐዳደምቲ ናህም ኤፍሬም፡ ኪሸን ተኽለማርያም፡ የሴፍ ኣለምን ሰም እየብን ሒዛ ኣላ።

ስምኦን ተኽልኣብ ዘሰልጥኖን ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ኣብ ዓበይቲ ንተቐዳደምቲ ኣድያም ዳዊት፡ ቅሳነት ወልደሚካኤል፡ ሰላማ ፍሰሃየን ሚልና ያፌትን፡ ኣብ ማእከሎት (ጁንየር) ሚዛን ሃብተስላሰ፡ ኤልዳና በረኸት፡ በቲኤል ኤፍሬምን ናርዶስ ጺጋይን ኣካቲታ ትርከብ፡ ብሓፈሻ 20 ተቐዳደምቲ ሒዛ ኣላ።



ኣብቲ ትማሊ ዝተገብረ ናይ ምፍናው ስነ-ስርዓት፡ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል "ዝዀነኩም ንኣሽቱ ተቐዳደምቲ ስለዝኾንኩም ብዓል ቢንያም ግርማይ፡ ሚሮን ተሾመን ካልኦት ዓበይቲ ኣሕዋትኩምን ዝበጽሕዎ ደረጃ ክትበጽሑ ምጽዑተይ እየ። መውዳድርትኹም ሃገራት ንኽዕወታ እኹል ልምምድ ገይረን ስለ ዝመጻ ፈለማ ጥዕናኹም ብድሕሪኡ ከኣ ዓወት ከተምጽኡ እምጽልኩም" ኢሉ። ከምኡ'ውን ባህልን ስፖርትን ድማ፡ ብዓቕሙ እቲ ዝድለ ቀረብ ከማዝግልኣሉም ገሊጹ።

ኣሰልጣኒ ዮናስ ብወገኑ፡ "ሒዝናዮም ዘለና ተቐዳደምቲ ብቑዓት ስለዝኾኑ ከምቲ ልሙድ ዓወት ሒዝና ከም እንምለስ ብዓል ምሉእ ተስፋ እየ።" ክብል እንከሎ፡ ሓላፊ ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ሚሮን ከኣ "እኹል ምድላው ገይርና ኣለና። ኣብ ውድድር ስለዝቐርና ከኣ ብቑዓትና ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ኣሎ። ካብ ኩላትና ዝተዓወተ ይተዓወት ብዝብገድሰ፡ ናይ ሃገር ዓወት ስለዝኾነ ኣሰልጣኒና ዝሃበና መምርሒ ተኸቲልና ንኽንዕወት ክንጽዕር ኢና።" ከም ዝበሎ ህዝባዊ ርክባት ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ሓቢሩ።

## ተን ሃግ፡ ናይ ዲስፕሊን ጸገም ከምዘይብሎም ገሊጹ

ዓለሚ ማን ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ፡ ጋንታኡ ናይ ደስፕሊን ጸገም ከምዘይብላ ገሊጹ - ድሕሪ'ቲ ሓለቓኣም ብሩኖ ፈርናንደዝ ሓሙስ ምሸት ብቐይሕ ካርድ ምብራሩ።

ፈርናንደዝ ዝሓለፈ ሰንበት ብቶተንሃም 3-0 ኣብ ዝተሰዓሩሉ ጸወታ፡ ብቐይሕ ካርድ ምብራሩ ይዝከር። ጋንታኡ ዝበረቶ ናይ ይግባይ ማስርሕ ድሕሪ ምዕዋቱ ግና፡ ክወስዶ ዝነበሮ ናይ ሰለስተ ግጥማት መቕጻዕቲ ተሰሪዙሉ እዩ።

ብቕድሚ ትማሊ ናብ ፖርቱጋል ተጓዒዙ ምስ ፖርቶ ኣብ ዘጋጠምሉ ናይ ኤውሮፓ ሊግ ጸወታ ድማ፡ ብኽልተ ብጫ ካርድ ብምብራሩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልታት ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኡ ክወጽእ ተቐሲቡ።

"ብሩኖ፡ ኣንጻር ቶተንሃም ዝወሰዳ ቀያሕ ካርድ ጌጋ ምንባራ ብምእማኖም ተደምሲሶትሉ እያ። ኣንጻር ፖርቶ ግና፡ ዕድለኛ ኣይነበርን ምባልኩ" ዝበለ ተን ሃግ፡ "ሹቶ ንምርካብ ኩሉ ዝከኣሎ ገይሩ እዩ። ኣብታ ፍጻመ፡ ኣብ ቅኑዕ ቦታ እዩ ነይሩ፣ ኑቲ ዝዘረሞ ተጻዋታይ ከኣ ኣይረኣየን። ስለዚ፡ ስነ-ስርዓት ዘይብሉ ኣይብዝልን እዩ።" ኢሉ።




3-3 ተመራሒም እንከለዉ ዝተባረረ ብሩኖ፡ ስሪዚ መቕጻዕቲ ዝመጽእ 24 ጥቅምቲ ናብ ቱርኪ ተጓዒዞም ንፈነርባች ኣብ ዝገጥምሉ ጸወታ ክበኮር እዩ። ዩናይትድ፡ ኣብ ክልተ ተኸታታሊቲ ግጥማት እዚ ውድድር ማዕረ ብምውጻኦ፡ ብኽልተ ነጥቢ 21 ደረጃ ሒዛ ትርከብ። ብናይ ቅድም ዓለሚ ማን ዩናይትድ ሆዘዩ ሞሪኖ እትዕለም ዘላ ፈነርባች ከኣ፡ ብኣርባዕተ ነጥቢ መበል 13 ትርከብ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብታ ምሸት ማጓዌር ኣብ መበል 91 ደቒቕ ብዘመዝገባ መመዓራረዪት ሹቶ ንስዕሪት ካብ ስዕረት ዝደሓነ ተን ሃግ፡ "ኣብ ምዝዛም እዛ ወቕቲ እምበር በዚ ናይ ሕጂ ህሉው ኩነታት ኣይትፍረዱና።" ክብል፡ ናብቲ ዝድለ ብቕዓት ክመጽኡ ምኳኖም ተዛሪቡ።

እዛ ካብ ዝሓፍኣ ናብ ዝበኣሰ ኩነታት ተምርሕ ዘላ ክለብ፡ ዝሓለፈ 17 መስከረም ንባርንስለይ ዝተባህለት ክለብ ኣብ ካራባኦ ካፕ 7-0 ምስ ሰዓረታ፡ ኣብ ዝሰዓቡ ኣርባዕተ ግጥማት (ክልተ ኣብ ፕሪመር ሊግ ክልተ ኣብ ኤውሮፓ ሊግ) ዓወት ኣይቀነዓን፡ ኣብ ሓንቲ ስዕረት ኣብ ሰለስተ ማዕረ ወጺኣ።

## ሩዲገር፡ ሳሊባ መላፍንቱ ክኸውን . . .

ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ኣንቶኒዮ ሩዲገር፡ ተኸላኻሊ ኣርሰናል ዊሊያም ሳሊባ ኣብ ጋንታኡ ክጸምበር ድልየቱ ምዃኑ ገሊጹ።

ሳሊባ፡ ኣብ 2022 ቀዳማይ ተሰላፊ ክኸውን ካብ ዝጀምር ንደሓር፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብቕዓቱ እናዕበየ፡ ኣብዚ እዋን ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ዓለም ክኸውን ክኢሉ ኣሎ። ዝሓለፈ ወቕቲ ኣብ ናይ ሕልሚ ጋንታ ፕሪመር ሊግ ምምራጹ'ውን፡ ንህሉው ብቕዓት ምስክር እዩ።

ኣብ ሪያል ማድሪድ ምስ ኢደር ሚሊታኦ ብሉጽ ጥምረት መስሪቱ ዘሎ ናይ ማእከል ተኸላኻሊ ሩዲገር ብወገኑ፡ ኣብ ልዕሊ ፈረንሳ ዘለዎ ኣድናቖት ክገልጽ ተሰሚዑ። እዚ ጀርመናዊ፡ "ጋንታኻ ናይ ማእከል ተኸላኻሊ ክተፈርም ዕድል እንተዘወሃበካ ንመን ምመረጽካ?" ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፡ "ዊሊያም ሳሊባ" ክብል መላፍንቱ ክኸውን ከምዝደልዮ ገሊጹ። ንኡ ቀጺሉ፡ "ምስ ሚሊታኦ ሕጉስ እየ ዘለኹ። ምኽንያቱ፡ ድሕሪ መጉዳእቱ ናብ ዝበለጸ ብቕዓት ተመሊሱ ብምህላዉ። እንተኾነ ምስ ብዙሒ ጸወታታት እናተቐያየርና ምተጻወትና።" ኢሉ።

ሩዲገር ንሳሊባ መሳልፍቱ ዝኾነ ጋብርኤል ማጋሌስ እውን መጉሰዎ እዩ። "ካብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ጀሚርዎ ክልቲኦም ዝሰርሕዎ ድንቂ እዩ። ኣብ መቐይሮ/ለውጢ ኣርሰናል ክልቲኦም ዓንዲ ማእከል እዮም። ጋብርኤል፡ ዝያዳ ተጓናጺ መራሒ እዩ። ሳሊባ ከኣ፡ ብኣንጻሩ ዘይጓንጽ ጸወታ እዩ ዘዘውትር፣ ህዱእ መራሒ እዩ ዝመስል።" ክብል፡ ስምረት ክልቲኦም ኣብዚ እዋን ኣብ ዓለም ዝበለጸ ምዃኑ እምነቱ ገሊጹ። መስመር ምክልኻል ኣርሰናል ዝሓለፈ ዓመት ኣብ 38 ግጥማት 29 ሸቶታት ጥራይ ከምዝኣተዉ፡ ተራ ሳሊባን ጋብርኤልን ዓቢ ምንባሩ ይዝከር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሩዲገር "ያማል ዝሰርሖ ዘሎ ዘርእም እዩ። ወዲ 17 ዓመት እንከሎ እዩ ንጋርሳ ዝጻወተላ ዘሎ። ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ ዘርኣዮ ብቕዓት ብሉጽ ነይሩ። ብሩህ መጻኢ እዩ ዘለዎ፣ ተስፋ ይገብር ድማ ምስ ምሉእ ጥዕናኡ ክቕጽል። ሓቂ ንምዝራብ ዘርእዮ ዘሎ ብቕዓት ኣገዳሲ ዘርዕድ እዩ።" ክብል፡ ንናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ባርሰሎና ላሚን ያማል ወዲሱዎ።




## ደ ብሩይነ፡ ዕረፍቲ ሓቲቱ



ሓለቓ ሃገራዊት ጋንታ በልጅዩም ከቨን ደ ብሩይነ፡ ኣብዘን ክልተ ኣዋርሕ ኣብ ዝካየድ ኣህጉራዊ ግጥማት ዕረፍቲ ከምዝሓተተ፡ ዓለሚኡ ገሊጹ።

እዚ ወዲ 33 ዓመት ኣኸፋፋሊ፡ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም ኣብቲ ኣንጻር ኢንተር ሚላን 0-0 ዝተፈላለዩሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ፡ ናይ ሰለፍ መጉዳእቲ ከምዝጋጠሞ ይዝከር። ስሪዚ መጉዳእቲ ከኣ፡ ንዝሰዓባ ኣርባዕተ ዝተፈላለያ ግጥማት ክኸስረን ተቐሲቡ። ኣብ'ዚ ወርሒ ግና፡ ናብ ጸወታ ክምለስ ከምዝኸኣ ይግለጽ።

እዚ እናኾነ ግና፡ ጥዕናኡ ምሉእ ንክኸውን ክብል ሃገሩ ኣብዚ ወርሒ ኣብ ግጥማት ኔሽንስ ሊግ ኣንጻር ኢጣልያን ፈረንሳን ኣብ ዝተኻየደን ጸወታታት ከዕርፍ ንዓለሚኡ ደሞኒክ ተደስኮ ሓቲትዎ ኣሎ። "ምስ ከቨን ነዊሕ ናይ ተለፎን ዝርርብ ገይርና" ዝበለ ተደስኮ፡ "እንተላይ ንወርሒ ሕዳር ከዕርፍ ሓቲቱና። ብኸምኡ እዩ ከኣ ምኽና ዘይተጠርነፈ። እንተኾነ ኣብ ዝደለናዮ ክንጽውዖ ኢና።" ኢሉ። ጌና ነዛ ጋንታ ክሳብ ዋንጫ ዓለም 2026 ክጻወተላ ድሉው ምዃኑ'ውን ሓቢሩ - ተደስኮ።

በልጅዩም፡ 10 ጥቅምቲ ናብ ኢጣልያ ተጓዒዛ ድሕሪ ምጽዋታ፡ 14 ጥቅምቲ ንፈረንሳ ናብ ሃገራ ክትዕድማ እያ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ክሪስታል ፓላስ - ሊቨርፑል

ኣርሰናል - ሳውዝሃምፕተን 5:00 ምሸት

ብሬንትፎርድ - ዎልቨስ 5:00 ድ.ቀ

ሌስተር ሲቲ - ቦርንማውዝ 5:00 ድ.ቀ

ማን ሲቲ - ፋልሃም 5:00 ድ.ቀ

ዌስት ሃም - ኢፕስዊች ታውን 5:00 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ኒውካስል 7:30 ምሸት

**ላ'ሊጋ**

ሪያል ማድሪድ - ቪያሪያል 10:00 ምሸት

**ሰሪኣ**

ኢንተር ሚላን - ቶሪኖ 9:45 ምሸት

## "ምስ ማን ሲቲን ኣርሰናልን ክንወዳደር ኣይንኽእልን ኢና" ዓላሚ ቸልሲ

ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኢንዞ ማሬስካ፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ንምልዓል ኣብዚ እዋን ዓቕሚ ከምዘይብሎም ገሊጹ።

"ምስ ማን ሲቲን ኣርሰናልን ክንወዳደር ንኽእል ኮይኑ ኣይሰመዓንን። ዝ ድሉዋት ኣይኮንናን።" ዝበለ ኢንዞ፡ "ምኽንያቱ፡ ሲቲ ምስቲ ንትሽዓተ ዓመታት ዘሰልጠኖ፡ ኣርሰናል ከኣ ምስቲ ንሓሙሽተ ዓመታት ዝዓለማ እዮን ዝሰርሓ ዘለዋ። ስለዚ ምስኦን ንዓበይቲ ዋንጫ ክትውዳደር እንተኾይኑ፡ ግዜ የድልየና።" ኢሉ።

ሎሚ ዓመት ንቸልሲ ክሰልጥና ጀሚሩ ዘሎ እዚ ኢጣልያዊ፡ ርግኣት ከፈጥረላን ምስቲ ዝሓለፉ ዓመታት ዝበረቶ ብቕዓት ብምንጽጻር ድማ ደሓን ዝኾነ ጋንታ ሃኒጹ ምህላዉን ይእመን። ቸልሲ፡ ካብ ሸዱሽተ ናይ ሊግ ግጥማት 13 ነጥቢ ኣኪባ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ።

## "ተቐያሪ እናኾንኩ ዋንጫ ምውሳድ ኣይደልይን እየ" ራምስዳል

ሓላዊ ልዳት ሳውዝሃምፕተን ኣሮን ራምስዴል፡ "ኣብ መንበር ተቐያርቲ ኮፍ ዝበለ እንተኾይነ ዋንጫ ምውሳድ ኣየድልየንን እዩ" ክብል፡ ካብ ኣርሰናል ዝወጽኣሉ ምኽንያት ገሊጹ።




ኣብ ዓመተ-ስፖርት 2022-23፡ ቀዳማይ ሓላዊ ልዳት ኣርሰናል ዝነበረ ራምስዴል፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ዳቪድ ራያ ናብዛ ጋንታ ድሕሪ ምጽምባሩ ግና፡ መንበር ተቐያርቲ ኮማምቖ እዩ ተቐሲቡ። ክሳዕ ሸዱሽተ ናይ ሊግ ግጥማት ክጻወት ድማ ዕድል ኣይተዋህበን። ኣብዚ ክረምቲ ከኣ፡ ብ25 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሳውዝሃምተን ተሸይጡ፣ ድሮ ኣርባዕተ ግጥማት ኣካይዱ ኣሎ።

እዚ እንግሊዛዊ፡ "ኣብ መንበር ተቐያርቲ ኮፍ እናበልኩ፡ ዋንጫ ክዕትር ትርጉም ኣይምሃለወን። ቀልዓ እንከለኹ ክጻወት ጥራይ እየ ዝደሊ ነይረ። ድልየተይ ኣብ ሳውዝሃምፕተን ምርካበይ ከኣ ዕድለኛ እየ።" ኢሉ።

ምስዛ ጋንታ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ዘሎ ራምስዴል፡ ሎሚ ቀዳም ምስ ናይ ቅድም ክለቡ ክራኸብ እዩ። ብ14 ነጥቢ ሳልሰይቲ ዘላ ኣርሰናል፡ ሓንቲ ነጥቢ ሒዛ መበል 19 ተሰሪዓ ንዘላ ሳውዝሃምፕተን እያ ክትዕድማ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## እስራኤል፡ ሚሳይላት ኢራን ንምምካን 450 ሚልዮን ዶላር ኣባኺና

እስራኤል፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ካብ ኢራን ንዝተወንጨፈላ ኣስታት 180 ባለስቲክ ሚሳይል ንምምካኑ፡ ብጠቕላላ ኣስታት 450 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ ጸረ-ሚሳይላት ከምዝተኰሰት ተሓቢሩ።

'ዘ-ጀሩሳሌም ፖስት' ዝተባህለ ኣብታ ሃገር ዝሕተም ጋዜጣ ንወተሃደራውያን ሰብመዚ ብምጥቃስ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ ሓይሊ-ኣየር እስራኤል ነቲ ሚሳይላት ንምምካን 'ኣሮው-2' ከምኡ ድማ 'ኣሮው-3' ዝተባህለ ኣስታት 180 ጸረ-ሚሳይል ከምዝተኰሰ ኣመልኪቱ።

ዋጋ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኣሮው-2 ሚሳይል ኣስታት 3 ሚልዮን ዶላር፡ ናይ ኣሮው-3 ሚሳይል ድማ ኣስታት 2 ሚልዮን ከምዝበጽሕ፡ እቲ ጋዜጣ ወሲኹ ሓቢሩ።



እቲ ኢራን ናብ እስራኤል ዘወንጨፈቶ ባለስቲክ ሚሳይል'ውን፡ ካብ 1,500 ክሳብ 2,000 ኪሎሜተር ናይ ምጉዓዝ ዓቕሚ ዘለዎ ኰይኑ፡ ነፍሲ-ወከፉ ብልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ከምእተሰነዐ ኣረዲኡ።

እዚ ከኣ፡ ኢራን ንእስራኤል ንምውቃዕ 181 ባለስቲክ ሚሳይላት ብምውንጫፋ፡ ብዝዘዋዋሪ ኣስታት 200 ሚልዮን ዶላር ኣባኺና ማለት'ዩ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ጋዜጣ፡ ንመጥቃዕቲ ሚሳይል ክትከላኸል ዝሓተተ ወጻኢ፡ ዕጽፊ ናይቲ ብሚሳይል ንኽትጥቀዕ እተወጽኦ ወጻኢታት ምዃኑ ጠቒሱ።

ሮይተርስ ብወገኑ ኣብ ዝዘርገሖ ጸብጻብ፡ ኢራን በቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝተጻዕነ ኣህጉራዊ ማዕቀባት ከይተዓግተት - ዓመታዊ ዋጋ 35 ቢልዮን ዶላር ኑዩዊ ትልእኽ ከምዝካ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ወጻኢታት ናይቲ ናብ እስራኤል ዘወንጨፈቶ ሚሳይላት፡ ብፍይ ክልተ መዓልቲ ሰደድ ኑዩዊ ጥረሐ ከተሕውዩ ከምእትኽእል ሓቢሩ።

እስራኤል፡ ነቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሚሳይል ኣብ ዝሓጸረ መዓልታት ግቡእ ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ምዃና ከተጠንቕቕ እንከላ፡ ኢራን ብወገና ነቲ ክመጽእ ዝኽእል መጥቃዕቲ ዓጸፋታዊ ምላሽ ክትህበሉ ክትግደድ ምዃና ተገንዚባ።

## መክሲኮ - ንሰደተኛታት ተኩሶም ዝቐተሉ ወተሃደራት ኣብ ቀይዲ ኣትዮም

ሰብመዚ መክሲኮ፡ ኣብ ልዕሊ ሰደተኛታት ዝጸዓነት 'ፒክኣፕ' ማኪና ተኲሶ ብምኽፋት ሽዱሽተ ሰባት ንዝቐተሉ ወተሃደራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘእተውዎም ተሓቢሩ።


ፈደራላውያን ኣኽበርቲ ሕጊ'ታ ሃገር ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እታ ፒክኣፕ 33 ዘይሕጋውያን ሰደተኛታት ጸዒና ካብ ጓቲማላ ናብ መክሲኮ ክትኣቱ ኣብ ዝፈተነትሉ፡ ኣብ ሓለዋ ዶብ ተዋፊሮም ካብ ዝነበሩ ወተሃደራት መክሲኮ ተኸሲ ከምእተኸፍተላ ገሊጾም።

በቲ መጥቃዕቲ፡ ሽዱሽተ ካብቶም ሰደተኛታት ብኡ ንብኡ ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት 10 ሰደተኛታት ድማ ብኸቢድን ፈኲስን ከምዝቘሰሉ፡ ወሲኾም ኣመልኪቶም።

ፖሊስ መክሲኮ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቶም ሰደተኛታት ካብ ፓኪስታን፡ ህንዲ፡ ኩባ፡ ግብጺ፡ ኔፓልን ካልኦት ሃገራትን ዝመጽኡ ምዃኖም ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ሰለስተ ካብቶም ግዳያት ግብጻውያን ምዃኖም ኣረዲኡ።

እቲ ብሓያል ወገናት ዝተኹነነ መጥቃዕቲ፡ ፕረዚደንት መክሲኮ ኰይና ዝተመርጸት ክላውዲያ ሸንባም ቃለ-መሕላ ኣብ ዝፈጸመትሉ መዓልቲ'ዩ ተፈጺሙ።

እቶም ዘይሕጋውያን ሰደተኛታት፡ ብመክሲኮ ኣቢሎም ናብ ሕ.መ.ኣመሪካ ንምእታው ይጉዓዙ ከምዝነበሩ'ዩ ዝነገረሎም።



## ግሪኽ፡ ልዕሊ 8,000 ኣትክልቲ ዕጸ-ፋርስ ኣዕንያ

ፖሊስ ግሪኽ፡ ኣብ ማእከላይ ክፋል'ታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ሕርሻ ዕፉን ተተኺሉ ንዝጸንሐ ልዕሊ 8,300 ዘይሕጋዊ ተኽሊ ዕጸ-ፋርስ ከምዝሃሰወ ኣፍሊጡ።



ገለ ካብ'ቲ ምስ ዕፉን ተመሳሲሉ ዝተረኽበ ተኽሊ ዕጸ-ፋርስ ክሳብ 3.5 ሜትሮ ቁመት ከምዝነበሮ ዝጠቐሰ ፖሊስ፡ ንብምሉኡ ካብ ሱሩ በንቀሱ ብሓዊ ከምዝቃጸሎ ኣመልኪቱ።

ነቲ ዕጸ-ፋርስ ከምዝተኸሎ ንዝጠርጠሮ ወዲ 44 ዓመት ሓረስታይ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእቲዩዎ ከምዘሎ ድማ ወሲኹ ሓቢሩ።

ሰብመዚ ግሪኽ ንበዚሒ ናይቲ ዝተረኽበ ተኽሊ ዕጸ-ፋርስ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ሓረስታይን ምስኡ ዝሰርሑ ካልኦት ገበነኛታትን ክሳብ 15 ሚልዮን ዩሮ መኽሰብ ክረኽቡሉ ትጽቢት ከምዝነበሮም ገሊጾም።

ግሪኽ ዋላ'ኳ 'ካናቢስ' ዝተባህለ ዓይነት ዕጸ-ፋርስ ንሕክምናዊ መዓላ ቅቡል ክኸውን ኣብ 2017 እንተ ኣፍቀደት፡ ንምዝንጋዕ ተባሂሉ ብውልቀሰባት ክተሓዝ ክፈርን ክሽየጥን ግን ገና ኣየፍቀደትን ዘላ።

ካናቢስ ኣብ መላእ ዓለም ብብዝሒ ካብ ዝዝውተር ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ኰይኑ፡ ኣብ 27 ኣባላት ሕብረት-ኤውሮጳ ብሕቡእ ከምዝፈራ፡ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## መራሒ ሰ/ኮርያ፡ ንደቡብ ኮርያ ብኑክሌር ክድብድባ ከምዝኽእል ኣጠንቂቑ

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ-ኡን፡ ሃገሩ ካብ ደቡብ ኮርያ ዝኸፍእ ምትንኻፋት እንተ ኣጋጢምዋ፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ተጠቒማ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከተዕንዋ ምዃና ኣጠንቂቑ።

ንሱ እዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃበ ዘሎ፡ መራሒ ደ/ኮርያ ዩን ሰክ የኦል፡ "ስርዓት ኪም ጆንግ-ኡን ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ክጥቀም እንተ ፈቲኑ ክወድቕ እዩ" ክብል ዝሓለፈ ሰሉስ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

ኪም ጆንግ-ኡን ኣብቲ ትማሊ ዓርቢ ዘመሓላለፎ መጠንቀቕታ፡ "ደቡብ ኮርያ ንልኡላውነትና ዝግህስ ዝኾነ ወተሃደራዊ ተጻብኦ ምስ እትገብር፡ ኣብ ኢድና ዘሎ ኩሉ ዓይነት ኣጽዋር - እንተላይ ኑክሌር ተጠቒምና ክንድምስሳ ኢና። ብድሕሪኡ፡ ከተማ ሰውል ትኹን እታ ሃገር ብምልእታ ህላወኣ ከብቅዕ እዩ" ክብል ኣፈራሪሁ።

መራሒ ደቡብ ኮርያ ብወገኑ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ብምኽንያት መዓልቲ ሰራዊት ሃገሩ ዘካየዶ መደረ፡ ሰውል ኣብ ሰ/ኮርያ ንዝርከብ ዒላማታት ክወቅዕ ዝኽእል 'ሁንሙ-5' ዝተሰምየ ባለስቲካዊ ሚሳይልን ካልእ ዝተራቐቐ ኣጽዋርን ኣማዕቢላ ከምዘላ ገሊጹ።


ሰሜን ኮርያ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ጀሚራ ብኣሽሓት ዝቝጸር - ጉሓፍ ዝጸዓነ ባሉናት ናብ ደ/ኮርያ ትፍኑ ከምዘላ፡ ደቡብ ኮርያ ብወገና ኣብ ዶባት ዓበይቲ መጉልሒ ድምጺ ተኺላ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተታት ተካይድ ምህላዋ ይሕበር።




## ኒውዮርክ፡ መከላኸሊ ጥንሲ ኣብ ኣናጹ ክትፍትኖ ወጢና

ከተማ ኒውዮርክ፡ ንመጠን ወሊድ ናይ'ተን መግትኢ ስኢናትለን ዘላ ኣናጹ ንምጉዳል፡ ኣብ ክንዲ መርዚ፡ መከላኸሊ ጥንሲ ከይና ተጠቒማ ፈተነ ክተካይድ መደብ ኣውጺኣ ከምዘላ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ካብ ዝመጽእ ዓመት ጀሚሩ እቲ መከላኸሊ ጥንሲ ኣብዘን ኣናጹ ክፍተን ምዃኑ፡ ሰብመዚ ናይታ ከተማ ገሊጾም።



ንኣናጹ ዝወሃብ መርዚ፡ እንተላይ ንኻልኦት እንስሳታት እናቐተለ ጸገም ክፈጥር ከምዝጸንሐ ዝገለጹ እቶም ሰብመዚ፡ እቲ ናይ መከላኸሊ ጥንሲ ፈተነ ዘዕጉብ ወጽኢት እንተ ተረኺብዎ እቲ ጸገም ክቕንጠጥ ምዃኑ ኣረዲኦም።

እቲ ብቤት-ምኽሪ ናይታ ከተማ ተቐባልነት ረኺቡ ዘሎ መደብ፡ ኣናጹ ክበልዕኦ (ክውሕጥኦ) ብዝኽእላ ጥዑም ሽታን መቐረትን ዘለዎ መከላኸሊ ጥንሲ ከይና ገይርካ፡ ነተን ኣናጹ ከምዝመኽና ምግባር እዩ።

ነቲ ከኒ ዝወሓጠት ኣንጭዋ፡ ን345 መዓልታት ዝኣክል ክትወልድ ከምዘይትኽእል'ውን ይሕበር።

ዋና ቤት-ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ዝርከበላ ከተማ ኒውዮርክ፡ ንብር ቁጽሪ ብዘይብለን ኣናጹ ካብ ዝጸገማ ከተማታት ዓለምና ብቐዳምነት ከምእትጥቀስ'የም ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ዘመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒ ዓዲ ኣቤቶ | 5/10/24 | መጨረሽታ ፈርማታ ኣዉቶወስ ዓዲ ኣቤቶ | 07114040 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565